# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.312 | ቀዳም 30 ነሓሰ 2025 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2 ዜና

ገጽ 3 ትርጉም እታ ልምድቲ ምኽሪ



ገጽ 4 ዝኽሪ መስከረም ካብ ካይሮ ክሳብ ኣዶብሓ



ገጽ 9 እቲ መርሚሪ ቈልዓ



ገጽ 11 ከረን - ስፖርታዊ ግጥማት ሓይልታት ምክልኻል ክፍልምʼዩ




# ኣብ ምሕዳስ ታሪኻዊ ህንጻታት ከተማ ባጽዕ ዘተኩረ ዓውደ-ዘተ ተቓኒዑ

ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ኤርትራ ዘወደቦ፡ ኣብ ወጥኑ ዕቃበን ምሕዳስን ታሪኻዊ ህንጻታት ከተማ ባጽዕ ዘተኩረ ዓውደዘተ፡ ብ28 ነሓሰ ኣብ ኣዳራሽ ሃብሰኤ ተቓኒዑ።

ኮሚሽነር ባህልን ስፖርትን ኣምባሳደር ዘመደ ተኽለ ኣብ ዘስመዖ መኽፈቲ ቃል፡ ኣብ ጽላት ባህሊ፡ ብፍላይ ድማ ኣብ'ቲ ዝፍጸም መዳዩ ዝተደድ ዘሎ ምርምር፡ ኣብ ዕቃበን ምብራኽ ኣፍልጦን ዓቢ ተራ ከምዘለዎ ብምጥቃስ፡ እቲ ዓውደዘተ ምስ ምዕቃብ ታሪኻዊ ህንጻታት ወደባዊት ከተማ ባጽዕ ዝተኣሳሰር ኣገዳሲ ሓበሬታን ሓሳባትን ንምልውዋጥ ደራኺ መድረኽ ከምዝኾነ ገሊጹ።

ኣብ'ቲ ዓውደዘተ፡ ድሕረ-ባይታን መበቆልን ህንጻዊ ወርሻታት፣ ብልዑል ደረጃ ምድኽታል መርኣያ ህንጻታት፣ ተመኩሮ መጽናዕቲ ታሪኻዊ ወርሻ ኣስመራ ኣብ መዝገብ ዓለማዊ ወርሺ፡ መስርሕ ዕቃበን ወርሻ ድሕሪ ምዝባጣ፣ ኣምራትን መትከላትን ዕቃብ ስነህንጻዊ ወርሺ፡ ከምኡ'ውን ትሕዝቶ ታሪኻዊ ህንጻታት ከተማ ባጽዕ፡ ኣቐርዩትን ከረንን ዝበሉ መጽናዕታዊ ወረቓቕቲ ብሞያውያን ቀሪቡ።

ኣብ ዩኒቨርሲቲ ዋተርሉ ናይ ካናዳ መምህር ሲቪላውን ኣከባብያውን ምህንድስና ፕሮፌሰር ሰለሙን ተስፋማርያም፡ ብልዑል ደረጃ ምድኽታል ብዘተዓለወ መርኣያ ህንጻታት ዝተሰርዐ፡ ኣብ ሰለስተ ደረጃታት ዝተኸፋፈለ ኣስተምህሮ ኣቕሪቡ።

ፕሮፌሰር ሰለሙን ተስፋማርያም፡ ካብ 4 ክሳብ 6 ጥሪ 2025 ኣብ ኣስመራ ኣብ ዝተቓነየ ኣህጉራዊ ዋዕላ መጽናዕትታት ኤርትራ፡ ተመሳሳሊ ትሕዝቶ ዘለዎ መጽናዕታዊ ወረቐት ኣቕሪቡ ምንባሩ ዝዝከር'ዩ።

ተሳተፍቲ ኣብ ዘቕረብዎ ዘተ፡ ንኣገዳስነት ዝቐረበ ትሕዝቶ ብምጥቃስ፡ መስርሕ ዕቃበን ምሕዳስን - ንሕሉፍን መጻእን ዘራኽብ ክኸውን፣ እቲ ተበግሶ ንኸስለጥንናዊ ረብሓታት ብዘገልግል መዳይ ክስራሓሉ፣ መስርሕ ዕቃበን ምሕዳስን ንህርያዊ ሓደጋታት ኣብ ግምት ከእቱን ወሀድ ምሕደራ መሻርኽቲ ኣካላት ክድፋኣሉን ዝበል ርእይቶታት ኣቕሪቦም።





ስእሊ. ዙቤር ስዒድ

# ኣብ ሰንጆብሉቕ ዲጋ ተሰሪሓ

ኣብ ንኡስ ዞባ በሪኽ - ምምሕዳር ከባቢ ሰንጆብሉቕ፡ ብምውህሃድ ክፍሊ ህንጻዊ ልምዓትን ከብትያ ዕደናን ኣስመራን ዝተሃነጸት ናይ ሓመድ ዲጋ፡ ብ28 ነሓሰ ተመሪቓ።

ኣብ'ቲ ኣቦ-መንበር ባይቶ ዞባ ማእከል ኣቶ ኣብርሃም ሰመረ ዝተረኽብሉ ናይ መመረቕታ ስነስርዓት፡ ሓላፊ ጨንፈር ሕርሻዊ ትሕተ-ቅርጺ መሃንድስ ኣብርሃም ዳንኤል ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ እዛ 60 ሄክታር ማይ-ክፅ፡ 10 ሜትሮ ብራኸን 110 ሜትሮ ቁመትን ዘለዋ ዲጋ፡ 77 ሽሕ ሜትሮ ኩብ ማይ ናይ ምሓዝ ዓቕሚ ከምዘለዋ ብምጥቃስ፡ ደሮ ኣገልግሎት ክትህብ ከምዝጀመረት ሓቢሩ።

ኣካዪዲ ስራሕ ምምሕዳር ከባቢ ሰንጆብሉቕ ኣቶ መሓሪ ሓይለኣብ ብወገኖም፡ እታ ዲጋ ዝበኻታዊ ኣገልግሎትን ጥራትን ዓቢ ፍታሕ ከምእትገብር ብምግላጽ፡ ማይ-ክፆኣ ንምፍዋስን ንምዕቃባን ከምዝሰርሑ ቃል ኣትዮም።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ በሪኽ ኣቶ ተስፉ ፍስሃጽዮን ብወገኖም፡ እቲ ስራሕ ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ክዕመም ክፍሊ ህንጻዊ ልምዓት ዞባ ማእከልን ከብትያ ዕደና ኣስመራን ንዘበርክትዎ ኣበርክቶ ከምኡ'ውን ነበርቲ ሰንጆብሉቕ ንዘርኣይዎ ተወፋይነት ኣመስጊኖም።

ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ምምሕዳርን ፋይናንስ ዞባ ማእከል ኣቶ ተኪኤ ቀለታ ድማ፡ ነበርቲ ካብኦም ዝሕተት ብምግባር ናብ ረብሓኦም ከውዕልዋ ኣዘኻኺሮም።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ ህንጸት ናይ'ታ ዲጋ ኣበርክቶ ንዝገበሩ ኣካላት ናይ ምስጋና ወረቐት ተዋሂቡ።



# ደቀምሓረ - ብምሕደራ ክስልጥኑ ዝጸንሑ ኣባላት ፖሊስ ተመሪቖም

ኣብ ማእከል ስልጠና ሓይልታት ፖሊስን ጸጥታን ደቀምሓረ፡ ንሓደ ወርሒ ብምሕደራ ክስልጥኑ ዝጸንሑ 25 ኣባላት ፖሊስ፡ ብ28 ነሓሰ ከምእተመረቑ ህዝባዊ ርክባት ፖሊስ ኤርትራ ሓቢሩ።

ኣብ'ቲ ማእከል ሓላፊ ጨንፈር ሞያዊ ፖሊሳዊ ትምህርቲ ሜጀር ዓንደም መሓሪ፡ ሰልጠንቲ ዝቐሰምዎ ትምህርቲ፡ ምሕደራ፣ ሕጊ፡ ህዝባዊ ርክባትን ኣቀራርባ ጸብጻብን ዘጠቓለለ ምንባሩ ብምጥቃስ፡ ሓያል ናይ ምምሃር ድሌቶምን ተገዳስነቶምን እቲ ስልጠና ብዓወት ክዛዘም ዓቢ ኣስተዋጽኦ ከምዝገበረ ኣረዲኡ።

ሓላፊ ምምሕዳርን ፋይናንስን ፖሊስ ኤርትራ ኮሎኔል ሃብተማርያም ተስፋማርያም ብወገኑ፡ ዓውዲ ምሕደራ ሰፊሕ ብምዃኑ፡ ንዝቐሰምዎ ስልጠና ብምንባብን ግብራዊ ስራሕን ከማዕብልዎን ከዕምቕዎን ተላቢዩ።

ኣብ መወዳእታ፡ ንሰልጠንቲ ወረቐት ምስክር፣ ጽቡቕ ዝርኣዩ ድማ ሽልማት ተዓዲሉ።



ስእሊ. ጎይትኦም ሞገስ

ዜና

# ማእከል - ኣሃዱታት ሚኒስትሪ ምክልኻል ወፈራታት ልምዓት የሰላስላ



ስእሊ. ዮናታን የዕብዮ

ኣብ ዞባ ማእከል ዝርከባ ኣሃዱታት ሚኒስትሪ ምክልኻል፡ ካብ መጀመርያ ወርሒ ነሓሰ ጀሚረን፡ ብቐንዱ ኣብ ምዕቃብ ማይን ሓመድን፡ ምስራሕ ቅናታዊ ዛላ፡ ምትሳዓት ጉናጉድን ምትካል ፊልስታትን ዘዘኩረ ልምዓታዊ ንጥፈታት የሰላስላ ኣለዋ።

ኣብ'ቲ ኣብ ምምሕዳር ከባቢ በለዛ ዝካየድ ዘሎ ወፈራታት፡ ኣባላት ቤት-ጽሕፈት ሓለቓ ጠቕላላ ስታፍ፡ ስታፍ ኣጽዋር ሎጀስቲክስን ስንቅን፡ ስታፍ ምምሕዳርን ፋይናንስን፡ ከምኡ'ውን ካልኦት ኣሃዱታት ይሳተፉ ከምዘለዉ፡ ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ሓለቓ ጠቕላላ ስታፍ ሚኒስትሪ ምክልኻል ኮሎኔል ገብረእግዚኣብሄር መሓሪ ገሊጹ።

እቲ መደብ ብክኢላታት ብዓል-ስልጣን ኣግራብን እንስሳ ዘገዳምን እናተመርሐ ይዕመም ምህላዉ'ውን ሓቢሩ።

ኣወሃሃድትን ኣባላትን ናይ'ተን ኣብ'ቲ ማእቶት ዝሳተፋ ዘለዋ ኣሃዱታት ኣብ ዝሃብኦ ሓበሬታ፡ ኣቐዲሞም ብመደብ ሓምላይ ወፍሪ ልምዓት ዘካየድዎ ንጥፈታት ምግራብ ዕወት ኩይኑ ምርኣዮም ከምዝተሓጎሶም ብምግላጽ፡ ተሳታፍነቶም ኣብ ተመሳሳሊ ወፈራታት ቀጻሊ ምዃኑ ኣረጋጊጾም።

በቲ ኣብ ከባቢ ምምሕዳር በለዛ ዝካየድ ዘሎ ወፈራታት፡ ዛጊት ልዕሊ 10 ሄክታር ሓደሽ ቅናታዊ ዛላ ከምእተሰርሐ፡ ካብ ብዓል-ስልጣን ኣግራብን እንስሳ ዘገዳምን ጨንፈር ዞባ ማእከል ዝተረኽበ ሓበሬታ የረድእ።

# ጨንፈር ክራይ ኣባይቲ ዞባ ማእከል፡ ኣብ ምድልዳል ዝምድና ኣካረይትን ተኻረይትን ይነጥፍ

ጨንፈር ክራይ ኣባይቲ ዞባ ማእከል፡ ኣብ መንጎ ኣካረይትን ተኻረይትን ዘሎ ዝምድና ንምድልዳል ይነጥፍ ከምዘሎ ገሊጹ።

ሓላፊ ናይ'ቲ ጨንፈር ኣቶ ብርሃነ ተስፋይ ንኤሪና ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡





ብዘወጾ መምርሒ መሰረት፡ እቲ ዘድሊ ሓበሬታ ብምሃብ ኣካረይትን ተኻረይትን ተሰማሚዖም ዝሰርሑሉ ባይታ ንምጥጣሕ ኣተኩሩ ስራሕ የሰላስል ከምዘሎ ኣብሪሁ።

ውዕል ኣካረይትን ተኻረይትን ምክትታል ንጨንፈር ክራይ ኣባይቲ ጥራይ ዝገደፍ ስለዘይኮነ፡ ኣመሓደርቲ ንኡሳን ዞባታት'ውን ኣተኩሮ ሂቦም ዝሰርሑሉ ከምዘሎ ብምጥቃስ፡ እቲ ንጥፈት ኩብ ንምባል ብወገን ዞባ ብቐጻሊ ኽትትሉ ይካየድ ከምዘሎ ኣረዲኡ።

እቲ መምርሒ እናፈለጠ ናይ ምሕዳስ ውዕል ዘየማልእ ኣካል፡ ብመንገዲ ንኡሳን ዞባታት ዕቱብ ምክትታል ከምዝካየደን ስጉምቲ ከምዝወሰደን ጠቒሱ ድሙ፡ ሓላሊፉ ዝርአ ዘይሓላፍነታዊ ተግባራት ንምእራም፡ ኣካረይቲ ብዘወጸ መምርሒ ክሰርሑ ኣተሓሳሰበ።

ኣብ ዞባ ማእከል ኣብ 13 ንኡሳን ዞባታት ዝርከቡ ኣካረይቲ ዝግበርዎም ግብሪ ብስሩዕ ከምዝኸፍሉ ብምሕባር፡ ኣብ'ተን 3 ናይ ገጠር ንኡሳን ዞባታት ግና፡ እቲ መምርሒ ድሒሩ ስለዝተኣታተወ ሓላሊፉ ዘጋጥም ጸገማት'ኳ እንተሎ፡ እቲ ኣፍልጦ ግን እናበረኸ ከምዝመጽአ ገሊጹ።

ጨንፈር ክራይ ኣባይቲ ዞባ ማእከል፡ ኣብ መንጎ ኣካራይን ተኻራይን ዘሎ ዝምድናታት ብዝምልከት ኣብ 2017 ብሚኒስትሪ ዞባዊ ምምሕዳር ንዘወጸ መምርሒ ንምትግባር ከምዝነጥፍ ዝፍለጥ'ዩ።

# ኣብ ዓዲቐይሕን መንሱራን፡ ዝናብ ጉድኣት ኣውሪዱ

በቲ ኣብ ሰዓታት ለይቲ ዘጋጠመ ሓደጋ፡ ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ሓይቦ ኣብ ዝርከባ ዓድታት ላዕላይን ታሕታይን ሕንብርትን ምንሻርታት መሬት ብምኽሰቱ፡ ኣብ ፍረ ዝበጽሐ ጀራዲን ከድምሰስ ከሎ፡ 8 ኣባይቲ ከምዝፈረሰ ዝሓበረ ህዝባዊ ርክባት ን/ዞባ ዓዲቐይሕ፡ ኣብ ሰብ ዝወረደ ጉድኣት ከምዘየለ ኣፍሊጡ።

ብተወሳኺ ኣብ ንኡስ ዞባ መንሱራ - ምምሕዳር ከባቢ ትንሻኣይ ብ17 ነሓሰ ዝወቐዐ በረድ ዝተሓወሶ ብርቱዕ ዝናብ ኣብ ልዕሊ ዘራእቲ ጉድኣት ከምዘውረደ፡ ካብ'ቲ ቦታ ደንገዩ ዝበጽሓና ሓበሬታ ኣፍሊጡ።

በቲ ኣብ ሰዓታት ድሕራቐትሪ ዝወቐዐ ዝናብ፡ ኣብ ዓድታት ማይ-ወስንን እንጅሓይን ኣብ 300 ሄክታር በቒሉ ዝነበረ ዘራእቲ መሽላ፡ ብልቱግን ሰሊጥን ከምእተደምሰሰ ክኢላ ልምዓት ብቖሊ ኣቶ ጺጋይ ዳዊት ገሊጹ።

ኣብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት ዞባ ጋሽ-ባርካ ዝናብ ደንጉዩ'ኳ እንተጀመረ፡ ካብ ቀዳማይ ሰሙን ወርሒ ነሓሰ ግና ጽቡቕ ዓቐንን ዝርግሐን ዘለዎ ዝናብ ይቕጽል ብምህላዉ፡ ሕብረተሰብ ብሓፈሻ ጓሶትን ሓረስቶትን ድማ ብፍላይ ዕቱብ ጥንቃቐ ክገብሩ ሰብ ሞያ ይመኽሩ።



ስእሊ.-ሚልዮን ኣፈወርቂ

# ደቡብ - ክረምታዊ 'ትምህርቲ መዘና' ጽቡቕ ውጽኢት ተረኺብዎ

ብምትሕብባር ኣብያተ-ጽሕፈት ትምህርትን ሃማመተኤን ኣብ ወቕቲ ክረምቲ ክወሃብ ጀሚሩ ዘሎ ትምህርቲ መዘና፡ ብቐዓት ተሳተፍቲ ተመሃሮ ኣብ ምምሕያሽ ጽቡቕ ውጽኢት ይርከቦ ከምዘሎ ተሓቢሩ።

እዚ ዝተገልጸ ኣብ ዓዲቐይሕ ካብ 2 ሓምለ ክሳብ 24 ነሓሰ ዝቐጸለ፡ ብቐንዱ ኣብ ዓውድታት ቁጽርን ቋንቋ እንግሊዝን ዘተኩረ ትምህርቲ መዘና ኣብ ዝተዛዘመሉ፡ ሓላፊ ሃማመተኤ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ኢብራሂም ባርስ ኣብ ዘስመዖ ቃል'ዩ።

ሓላፊ ትምህርቲ መምህር በየነ ተስፋይ ብግደኡ፡ ወለዲ ኣብ ደቆም ዝነበርዎ ወፍሪ መሰረታዊ ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ኣብ መጻኢታ ብቑዕ ፍልጠት እናደለበን ብጽቡቕ ስነምግባር እናተኸስከሰን ዝዓበየ ተመሃራይ መጻኢኡ ብሩህ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ እቲ መደብ ዕወት ንኽኸውን ንዝጸዓሩ ኣመስጊኑ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ዓዲቐይሕ ኣቶ ሃብታይ ተስፋዝጊ ብወገኑ፡ ድኽም ዝርኣዩ ተመሃሮ ኣለሊኻ ዕውታትን ብሉጻትን ንምግባርም ዝተኻየደ ወፍሪ ዝምስገን ውጽኢት ተረኺብዎ ስለዘሎ፡ ቀጻልነት ክህልዎ ተማሕጺኑ።

ኣብ መወዳእታ፡ ንብሉጻት ተመሃሮን መምህራንን ወረቐት ምስክርን መተባብዒ ሽልማትን ተዓዲሉ።

ኣብ ዓዲቐይሕ፡ "ብናጻ ንዝተቐበልናዮ ብናጻ ንሃብ" ብዝብል ቴማ ሎሚ ዓመት ኣብ ዝተዋህበ ካብ ካልኣይ ክሳብ ናይ ሓሙሻይ ክፍሊ ክረምታዊ ትምህርቲ መዘና፡ 176 ደቂኣንስትዮ ዝርከብኦም 521 ተመሃሮ ተሳቲፎም።

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ

ቊ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቊ.ስ.163471-07588045
ምልክታ
ቊ.ስ. 125013 - ቊ.ሳ.ጶ. 1284

## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
| --- | --- |
| 09:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 09:05 | ሃሎ ቈልዑ |
| 09:40 | ፓኖራማ |
| 10:10 | ድራማ |
| 11:00 | ሰሰ ስፖርት |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:55 | ጉዳይ ኣብ ዘተ |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | መልሲ ኣብ መስመር ቀጥታ |
| 14:30 | ናትራን |
| 17:00 | መኣዝን ልምዓት |
| 17:35 | ሳይዳ |
| 18:35 | ደረትቃና |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ፊልም ዳምር |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ተክኢንሳይት |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ጽባቐ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

# ኵርናዕ ተመሃሮ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ

## ትርጉም እታ ልምድቲ ምኽሪ

“ያኔት መቸም ካብ ናተይን ናይ ኢልሃምን ዘይሓምቕ ትሕዝቶ ቀሪብክልና ትህሉዊ ኢኺ። ሃየ በሊ መድረኽ ንኣኺ፡” ምስ በለ መምህርና፡ ኮኾብ ቅድሚና ኮፍ ዝብል፡ “መምህር! መምህር! እናበለ ኢዱ ዊጥ ኣበለ። መምህርና ከኣ ክዛረብ ፈቐደሉ።

“መምህር! ናይ ሎሚ መዓልቲ መደብ ኣነ ክኣትዋ።”

“ኢሂ ደኣ ተሃዊኽካ ዝመጽእ ሰሙን ኣሎና'ንዶ?”

“መምህር ኣነ ሓንቲ ነገር እንተ ሓሲበ ከይገበርኩዋ ኣይቀስንን እየ። ሓሲበያ ስለ ዘቐነኹ ሎሚ ኣነ ክቐርብ። ያኔት ኣብ ዝኾነ ግዜ ከተቐርብ ዘይትሸገር ስለ ዝኾነት ንኣይ ፍቐዱለይ፡” በለ። መምህርና ናብ ያኔት ቍሊሕ በለ። “እናተሓጉስኩ!” በለት ያኔት። ኮኾብ ናብ ቅድሚት ወጺኡ። መጀመርታ ፍሽኽታ ኣሰንዩ ዓይኒ ዓይኒና ጠመተ። ነታ ፍሽኽታ እናኣግፋሓ፡ እናኣግፋሓ፡ መላእ ኣሰናኑ ክሳብ ዝረአ ተገየጸ። ክፍልና ክትሰሕቕ ጀመረት። ኮኾብ ኣየቋረጸን፡ ንሕናን መምህርናን ድማ ሰሓቕና።

“ዝሓለፈ ሰሙን ኢልሃም ናብዚ ቅድሚት ክትወጽእ እንከላ...” ኢሉ በብሓደ ጠመተና። ክፍልና ጸጥ በለት። “ኢልሃም ቍሩብ ሓፊራ ስለ ዝነበረት፡ ያኔት ሓንቲ ምኽሪ ክትመኽራ ተጸናጺነያ። ‘ኣብ ቅድሚት ምስ ወጻእኪ ተፈሺኺኪ ሓንሳእ ጠምትና። ንሕና እቶም ናይ ኵሉ ግዜ ደቂ ክፍልኺ ኢና። ዋላ ሓደ ሓድሽ ነገር ኣይጸንሓክን እዩ፡’ ኢላታ ነይራ'ሞ ክፍትና'የ ጸኒሑ፡ ሰሪሓ ድማ፡” ኢሉ ቀዲሙና ሰሓቐ። ኮኾብ ንገለና እናጠመተ እናተፈሸኸ ምስ ወሰወስታ ኢዱ እናኣንበበ ክዕልል ጀመረ። ኣርእስቱ “ጻዕሪ” ነበረ።

***

‘ጸዓር!’ ካብ ብዙሕ ሰብ ቀልጢፍካ እትረኽባ ምኽሪ'ያ። ከይጸዓርካ ኣይኩነንዶ ትደልዮ፡ መሰረታዊ ዘድልየካ ነገራት ክትረክብ ኣይከኣልን። ኣብዛ መሬት ዝርከብ ኩሉ ፍጡር ከይጸዓረ ክነብር ኣይክእልን። ንኽነብር ዘድልዩዎ መሰረታዊ ጠለባት መግቢ፡ ማይን ኣየርን ብኾፉ ዝረኽቦም የለን። ኣዕዋፍ ናብ ክልተ ጫፋት ዋልታ ይበራ፣ ሰብ ንዓለም ውሽጣን ላዕላን እናበርበረ ይዞራ፣ ... ወዘተ፣ ሰብ ካብዚ ናይ ጻዕሪ ጽሕፍቶ ዝርሕቕ ኣይኩነን። ክጽዕር እንከሎ ከኣ በብደረጃኡ ይጽዕር። ኣቦ ናይ ኣቦ፡ ኣደ ናይ ኣደ፡ ውሉድ ከኣ ናይ ውልድ ጻዕሪ የካይድ። ህይወት ድማ ብኸምኡ ትካየድ። ንሕና ተመሃሮ ከኣ፡ ናትና ውሁብ ጻዕሪ፡ ኣብ ትምህርትና ዝዘጠጠ ይኸውን። ዝበዛሕና ምሉእ ግዜና ንትምህርቲ ንህቦ ንኸውን። ገለ'ውን ጾር ስድራና ተማቒልና ንምሃር ንህሉ። እቲ ኩይኑ እቲ ግን ንኽንዕወት ክንጽዕር ከም ዘሎና ዘየማትእ ነገር'ዩ። እቲ ክነፍዕ ክብርትዕን ብሉጽ ክኸውንን ዝብህግ ሰብ ንዝተፈላለየ ሜላታት ኣጸናንዓን ምስትምሃርን ይፍትሽ ይኸውን። ሱር ኵሉ ብርትዐን መንፍዓትን ‘ጻዕሪ’ እያ። ስለዝኾነ “ዝጸዓረ ይዕወት!” እንብል፣ ስለዝኾነ ሰብ እናኽምዕደና ንዅሉ ኣብኡ ጠቕሊሉ “ጸዓር!” ዝብለና።

ዝዓበየ ምኽሪ “ጸዓር! ጸዓር! ጸዓር!” እያ። ዓው ኢልካ ደጋጊምካ እናኽተድምጻ ሓይልኻን ተስፋኻን ኣብ ውሽጥኻ እትመልእ ቃል'ያ፡ “ጸዓር!”። ኣብ ከባቢና ዝነብሩ ሰብ በብሓደ እንተ ጠሚትናዮም ርሑቕ ከይከድና ትርጉም ጻዕሪ ክንረኽቦ ንኽእል ኢና። እንነብረሉ ከባቢ ጻዕሪ ዝበዝሖ ምኻኑ ምስትውዓል ኣይንስእንን። ኵሉ ጽቡቕ ነገራት ጻዕሪ ከም ዝሓለፎ ኣይጠፍኣናን። ካብታ እተጽልለላ ዘለኻ ቤት ስድራኻ'ኳ ብዙሕ ክትዕዘብ ትኽእል ኢኻ። ኵሎም ኣብ ቤት ትምህርትና “እዚ ንፋዕ'ዩ፡



” እንብሎ ተመሃራይ፡ ስለምንታይ ንፋዕ ከም ዝኾነ ክንሓቶ ንኽእል ኢና። ዝበዝሑ እቲ ከጽንዑ ዘጥፍኡዎ ግዜ ክነገሩኻ ይኽእሉ። ኵሉ ንፋዕ ተመሃራይ ንፋዕ ኰይኑ ኣይተወልደን። ብጸሎትን ጾምን'ውን ኣየመጽኦን። መንፍዓት ናይ ሓደ ተመሃራይ ዝገልጹ ዝጥቀሱ ረቛሒታት'ኳ እንተ ሃለው፡ ንዅሎም ግን ጻዕሪ'ዩ ዘዛምዶም። ብባህሪ ልዕሊ መዛኑኡ ሓያል ናይ ምስትውዓል ዓቕሚ ዘሎዎ ኰይኑ ዝፍጠር ኣሎ፣ ገለኡ ካብ ብንእሱ ብስድራቤቱ እናተኹስኰሰ ዝመጽእ መንፍዓት ኣሎ፣ ገለ'ውን ብቕልጽሙ ብዘይ ሓጋዚ ካብ ሰቡ ዝበለጸ ዝኸውን ኣሎ፣ ገለ ከኣ ምሉእ ግዜኡ ድራር እለቱ እናኣናደየ ቅድሚት ዝወጽእ ተመሃራይ'ውን ኣሎ። ስለዚ መንፍዓት ናትካ ናይ ገዛእ ርእስኻ ምርጫ እዩ።

ክትነፍዕ ትደሊ ትኸውን፡ ቅድሚ ኵሎም መማህርትኻ ክትሰርዕ ትደሊ ትኸውን። መጀመርታ ንነብስኻ ንጻዕሪ ኣዳሉዋ። ኣብ ኣካይዳኻ ሓድሽ ለውጢ ክትገብር እንከለኻ ዝሕዘካ ብዙሕ ነገራት ኣሎ። ነዚ ኣቐዲምካ ከም ዝመጽኣካ ምፍላጥ የድልየካ። ብዙሓት ናይ መንፍዓት መገድታት፡ ኣገባባት፡ ሜላታትን ስትራተጂን ካብ ብዙሓት መጽሓፍቲ፡ ጋዜጣ፡ መርበብ ሓበሬታ፡ ሰብን ካልእን ክትረክብ ትኽእል ኢኻ።

ናይ መጽናዕቲ ልምዲ ምጥራይ ቀዳማይ ክትወስዶ ዝግበኣካ ልምምድ እዩ። ኣብ ሓደ መዓልቲ ሓደ ውሱንን ምቹእን ሰዓታት መጽናዕቲ ፈሊኻ ክትላመድ ጀምር። ኣቐዲሙ ዝነበረ ልምዲ ካልእ ክኸውን ይኽእል'ዩ። ካብቲ ዝጸንሓካ ልምዲ ሃንደበት ብዘይ ርድኢት ወይ ምሉእ ውሽጣዊ ድፍኢት ምእላይ ቀልጢፍካ ከም ትጸልኦን ትመንዎን ክገብረካ ይኽእል። ካብቲ ዝሓደረካ ጽቡቕ ሕልሚ ከኣ ክትፈላለ ትኽእል። ኣብ ውሱን ሰዓት ኣብ ጸጽባሕ ከተጽንዕ ፈትን። እቲ ተጽንዖ ብዘየገድስ፡ እቲ ናይ ምጽናዕ ልምዲ ግን ከተጥሪ ኢኻ። እዚ ልምዲ'ዚ ምስ ኣጥረኻ ኵሉ ክቐለልካ'ዩ። ምጽናዕ ቀሊል፣ ጻዕሪ ቀሊል፣ ፈተና ቀሊል፣ ንፋዕ ምዃን'ውን ቀሊል ክኸውን እዩ። ግዜ መጽናዕትኻን ትርፊ ግዜኻን ኵሉ ምቁርን ህይወት ዝህብን ከም ዝኸውን ምስክር ኣይደልየሉን። ናብዚ ናይ ምጽናዕ ልምዲ ክትበጽሕ ጻዕጻዕ እናበለካ ትኸይድ ነይርካ ትኸውን። ልክዕ ከምኡ ከኣ ካብ ምጽናዕ፡ ካብ ንፋዕ ምዃን፡ ካብ ጻዕራም ምዃን ክትእለ ፈጺሙ ጸላዕላዕ ዘብል ብምዃኑ ሓንሳእ እንተ በጺሕካዮ ኣይትወጽኣሉን ኢኻ። ንፋዕ ምዃን ናትካ ናይ ባዕልኻ ምርጫ'ዩ። ንዘይምንፋዕካ ምስ ዕድል፡ ትሕዝቶ፡ ስድራ፡ ... ኣይተተኣሳሰሮ። ከም ኵሉ ሰብ ማዕረ ዝብጽሓካ ዕድል ኣሎካ፣ ጻዕራም ምዃን። ጸዓር'ሞ ሸው ዝኸውን ክትርእዮ ኢኻ። ስለዚ ንፋዕ ንምዃን ኵሉ ሳዕ ንጽዓር! ኵሉ ግዜ ምስ ዝበለጹ ክንህሉ ንጽዓር፣ ደጋጊምና ንጽዓር።

***

ኮኾብ ምስ ወደአ ከም ልሙድ ኣጣቒዕናሉ። እዛ ክፍልና ከይተረድኣ እናሞቐት ትኸይድ ኣላ።

“ግዜ ከም ድላይካ ተሕልፎን ትመልሶን ነይሩ እንተ ዝኸውን፡ ብልቢ ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርተይ ምስ እዛ ክፍሊ'ዚኣ ከም ዝምሃሮ ምገበርኩ ነይረ፡” በለ መምህርና፣ ንሕና ኸኣ ተኸየፍና።

“መምህር ንስኹም እንተ ዘይትመጽኡ'ኮ እዛ ክፍሊ'ውን ከምዚ ኣይምኾነትን። ከማኹምኮ መን ክኹነልና፡” መለሰት ያኔት።

“ከምኡ ኸኣ'ባ ኣሎ፡” በለ መምህርና'ሞ ሰሓቕና።

ኢልሃም ፈረጅ - ከረን

## መጀመሪ ኵሉ ነገር

### መጀመርታ ለመምትን መጥበውትን

ንሚልዮናት ዓመታት ለመምቲ ገዛእቲ ናይ ኵሎም እንስሳታት እዛ ምድሪ ነበሩ። ካብቶም ሎሚ ዝገዝፉ ዝብሃሉ እንስሳታት ንላዕሊ ግዝፈ ነበሮም። ኣብ መሬት ዝነብሩ ክሳብ 30.5 ሜትሮ ቍመት ዝነበሮም፡ ከም ኣዕዋፍ ዝበርሩ 6.1 ሜትሮ ዝቐመቶም፡ ኣብ ማያት ዝነብሩ ከኣ ክንዲ ዓሳ ነባሪ ዝኾኑ ለመምቲ እዮም። ለመምቲ፡ ሓደ ስድራቤት ናይ እንስሳታት ኰይኖም፡ ከም ዓሳ ደመ-ዝሑላንን እንቋቍሖ ብምጽፋይ ይፋረዩን።

ድሕሪ'ዚ ሚልዮናት ዓመታት፡ ናይ መጀመርታ ደመ-ውዑያት ዝኾኑ ፍጥረታት ኣብዛ ዓለም ክቀላቐሉ ጀመሩ። እዚኦም ከኣ ኣዕዋፍን መጥበውትን ነበሩ። መጥበውቲ፡ ዘይከም ለመምቲ ደመ-ውዑያት ኰይኖም፡ ልክዕ ከም ኣፋርያና ብህይወቶም እናተወልዱ ዝራብሑ፡ ሓደ ካብ ስድራ እንስሳታት እዮም። “ንዅሉ ግዜ ኣሎዎ” ከም ዝብሃል ዘመነ ዕብለላ ለመምቲ ምስ ሓለፈ፡ መጥበውቲ ንዓለም ክገዝኡ ጀመሩ። ኣብ መንጎኦም ድማ ካብ ዝጸንቱ ሓያለ ዓመታት ዝገበሩ ንርሂናስረስ (ኣዝዮም ገዘፍቲ ኣትክልቲ ኣናበልዑ ዝነብሩ፡ ኣብ ኣፍንጫኦም ሓደ ወይ ክልተ ቀርኒ ዝነበሮም እንስሳታት) ነይሮም። ካብ ደቆም ናብ ደቂ ደቆም መልክዖምን ቅርጾም እናቐየሩ ክሳዕ እዚ ዘለናዮ ግዜ ዝጸንሑ ዓሌታት ናይቲ ግዜ እንሳሳታት ኣለዉ። ሓሰማ ዝመስሉ ነዊሕ ኣፍንጫ ዝነበሮም ናይ ጥንቲ እንስሳታት፡ መበቈል ናይዞም ሎሚ ሓርማዝ እንብሎም ምዃኖም ይንገር። ክሳብ 11 ኢንች ቍመትን ጸፋሕቲ እግርን ዝነበሮም ከኣ ቀዳሞት ኣቦሓጎታት ኣፍራስ ምንባሮም እዮም። ከምኡ እውን ንኣሽቱ ናብ ኣግራብ ክሓኹሩን ካብን ናብን ክዘሉን ዝኽእሉ እንስሳታት መሰረት ናይዞም ኣብ ግዜና ዘለው ኣህባይ ምዃኖም ይግለጽ።

መሬት ብእሳተ-ጎመራን ምንቅጥቃጥን ብዙሕ ግዜ ምስ ተናወጸት፡ ላዕለዋይ ቀጸላ መሬት (crust) ቅርጹ እናቐየረ ናብ ኣህጉራት፡ ውቅያኖሳትን ባሕርታትን ምስ ተመቓቐለ፡ እዚ ሕጂ ዘሎዎ መልክዕ ሒዙ። ምስኡ ድማ ስልጥን ዝበሉ መጥበውትን ግርምቲ ዓለምን ተራእየ። ጽቡቓት ኣግራብን ዕምበባታትን፡ ፍትዋት ገማግምን ቀላያትን፡ ለምለም ሻኻ ምስናይ ዕስለ ኣናህብን ጽምብላሊዕን፣ ኵሉ ተደሚሩ ምጭእቲ ዓለም ተፈጥረት።

ዘመነ ንግስነት ለመምቲ ሓሊፉ፡ ዘመን ንመጥበውቲ ገጹ ካብ ዝመልስ ኣሽሓት ዓመታት ሓሊፉ። ግናኸ ዘመነ መጥበውቲ ገና ኣየብቀዐብ ዘሎ። መጥበውቲ ዘመነ ስልጣኖም ኣብ ውሽጦም እናተቓባበሉ ገና ይቕጽሉ ኣለው። ሰብ ደንጉዩ ክነቅሕ እንከሎ፡ ብብልሑ ተሓጊዙ ርእሲ ኵሎም ፍጥረታት ናይዛ ዓለም ኰነ። ገና'ውን ይቕጽል ኣሎ። ግን መን ይፈልጥ ካብ ሰብ ዝበልጹ ፍጥረታት መጺኦም ኣብ ርእሲኡ ክሰቀሉ ይኽእሉ ይኾኑ!?

(www.wikipedia. Com + the drifting of continents)

## ስም መዐቀኒ ኣሃዱ



መጠን ረስኒ እንዕቅነሉ ዝተፈላለየ ኣሃዱታት ኣሎ። ኣብ ዝበዝሐ ናይ ኬምስትሪ ትምህርትና ግን ዝያዳ ንደረጃ ከልቪን ኢና እንጥቀም። ዝተፈላለየ ስነ-ፍልጠታዊ ምርምራት'ውን በዚ ኣሃዱ ይዕቀን። ናይዚ መሰረታዊ ኣሃዱ'ዚ መጸውዒ ኣሃዱ፡ ብስም ስኮትላንዳዊ ስነ-ፍልጠተኛ ዊልያም ቶምሶን ከልቪን (1824-1907) ዝጽዋዕ እዩ። ሰር ከልቪን ኣብ ስነ-ፍልጠት ብዝገበሮ ኣበርክቶ፡ ንመሰረታዊ ኣሃዱ መጠን ረስኒ ኣብ ተርሞዳይናሚክስ ብስሙ ክጸውዕ ዝኸኣለ ስነ-ፍልጠተኛ'ዩ።

## ጥቕሲ እዚ ሰሙን

“ዘይከኣል ነገር የለን፣ ዓለም ንባዕላ ‘ይከኣል'የ’ ትብል'ያ ዘላ።”

- Audrey Hepburn

ንትምህርቲ፡ ምህዞ፡ ርኽበትን ሓፈሻዊ ህይወትን ዝገልጽ ጥቕሲ

# ዝኽሪ መስከረም

## ካብ ካይሮ ክሳብ ኣዱብሓ

ነጸረኣብ ኣዛዚ (ከረን)



ካብ ጸጋም ንየማን፡ ዑስማን ሳልሕ ሳበ፣ እድሪስ መሓመድ ኣደም፣ እድሪስ ጎላውደየስ

2 ሕዳር 1958፡ ኣብ ፖርት ሱዳን፡ ኣብ ገዛ መሓመድ ሰዒድ ናውድ ዝተኣከቡ ውሑዳት መንእሰያት፡ ኣብ ታሪኽ ኤርትራ ወትሩ እናተዘከረ ዝነብር ዓቢ ዕማም ጸሚዶሙ ሓዚምዎም ነበሩ። ምምስራት ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ ወይ "ሓረካ"። እድሪስ መሓመድ ሓሰን (ገንሸራ) ሳልሕ ኣሕመድ ኢያይ፡ ሸኽ ዑስማን ሓሰን ሓጅ እድሪስ፡ ዑስማን መሓመድ ዑስማን፡ ያሲን መሓመድ ሳልሕ ኣልዓቓዲ፡ መሓመድ ኣልሓሰን ዑስማን፡ ሓቢብ ዑመር ገዳሰን ቀዳመይቲ ዋህዮ ማሕበር ሸውዓተ ኣቐሙ።

ድሕሪ'ዚ ፍጻመ'ዚ ዋህዮታት 'ሓረካ' ብቐጽበት ኣብ ሱዳን፡ ሰዑዲ ዓረብ፡ ግብጺ፡ ኢትዮጵያን ከተማታትን ዓድታትን ኤርትራን ፈለቓ። 'ሓረካ' ኣንጻር ኢትዮጵያ ደው ምባላ ልቢ ብዙሓት ሰለበት። ካብ ከቦሳን መታሕትን ኣስላምን ክርስትያንን ኣብ ሓደ መኣዲ ጸንበረት። ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ካብ ፖለቲካዊ ናብ ብረታዊ ዘሰጋግር ድልድል ዝሃነጸት ቀዳመይቲ ፖለቲካዊ ምትእኽኻብ ድማ ኮነት።

ስርዓት ፈደረሽን ካብ ግዜ ናብ ግዜ ዝበሕተገሉ ዝነበረ ወቕቲ እዩ ዝነበረ። ኣብቲ እዋን'ቲ መብዛሕትኡን ሃገራት ኣፍሪቃ ካብ መግዛእቲ ኤውሮጳ ተገላጊለን ንሓስ ናጽነት ክስተንፍሳ ጀሚረን ነበራ። ኤርትራ ግን መጻኢኣ መመሊሱ ይጽልምት ነበረ። ፖለቲካዊ ቃልሲ ተጨወዩ ምሉእ ብምሉእ ናብ ረብሓ ኢትዮጵያ ተቐይሩ ዝረኣዩ ብዙሓት ሃገራውያን ኣንጻር ኢትዮጵያ ውዳበታቶም ኣሓየሉ። ካብ ነዊሕ ዓመታት ኣትሒዞም፡ ኤርትራውያን መንእሰያት ኣብ ኣልኣዝሃር፡ ግብጺ፡ ናይ ትምህርቲ ዕድል ይረኽቡ ነይሮም እዮም። ኣብ መጀመርያ ሓምሳታት ከኣ ብርክት ዝበሉ ኤርትራውያን ተመሃሮ ኣብ ግብጺ ነበሩ። እዞም ኤርትራውያን ተመሃሮ ካብ 1952 ጀሚሮም ስፖርታዊ ንጥፈታት ንምውሃድ ከምኡ'ውን ሓደስቲ ተመሃሮ ኣብ ዝመጽሉ ዕድላት ማህደረ ትምህርቲ ክሳብ ዝረኽቡ ንምሕጋዝ ሓደ ማሕበር ኣቘሙ።

ኣብ 1956 ግብጺ ኣንጻር እስራኤል ኣብ ዝተዋገኣትሉ እዋን ሃጼ ሃይለስላሰ ምስ እስራኤል እዩ ወጊኑ። ከም ግብረ መልሲ ናይዚ፡ መራሒ ግብጺ ጀማል ዓብደል ናስር ንኤርትራውያን ፖለቲካዊ ኣፍልጦ ብምሃብ፡ ንኣቶ ወልደኣብ ወልደማርያም ኣብ ሬድዮ ግብጺ ብቛንቋታት ትግርኛን ዓረብን ኀበሳስ ክኪዩዱ ዕድል ከፈተሎም። ብተወሳኺ ሓደ ካብ ቀንዲ መራሕቲ ተመሃሮ ኤርትራ ዝነበረ ሰዒድ ሑሴን፡ ኣብቲ ግብጺ ኣንጻር እስራኤል ትዋግኣሉ ዝነበረት ግዜ ኣብ ጎደኒ ግብጺ ኮይኑ ተሳቲፉ። ጸኒሑም ሰዒድ ሑሴንን ብጾቱን ሓደ ምስጢራዊ ኣኼባ ኣካየዱ። ኣብ ኤርትራ ተኸእሎ ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ንምግጣም ንጉዳይ ርእሶም "ሕማቕት ኣልወጠን" ወይ 'ተኸላኸልቲ ሃገር' ብዝብል ሲያመ ጸውዑ።

እዞም ተመሃሮ ኣብ 1959/60 ምስ 'ሓረካ' ርክብ ፈጢሮም እኳ እንተነበሩ፡ ኣብ ክንዲ ምስ 'ሓረካ' ኣብ ኤርትራ ምስ ዝነበሩ ዓበይቲ ፖለቲካውያን መራሕቲ ክሰርሑ ብምምራጾም ሰዒድ ሑሴን ንመሓመድ ኣደም (ገሰር) ናብ ኢብራሂም ሱልጣንን እድሪስ መሓመድ ኣደምን (ኣቦ መንበር ባይቶ ኤርትራ ዝነበረ) ልኣኾም።

እዞም ክልተ ፖለቲከኛታት፡ ኣብ መጋቢት 1959 ብዘይሕጋዊ መገዲ ካብ ኤርትራ ብምውጻእ ከሶላ ኣትዮም ነበሩ። ብሓገዝ ኤርትራውያን ወተሃደራት ሱዳን ድማ ብቐጥታ ብመንገዲ ካርቱም ናብ ካይሮ ኣምርሑ።

ኣብ ካይሮ ዝነበሩ ተመሃሮ፡ ንሸኽ ኢብራሂም ሱልጣንን ንኣቶ ወልደኣብ ወልደማርያምን (መራሕቲ ናጽነት) ምስ ሸኽ እድሪስ መሓመድ ኣደም (ካብ መራሕቲ ተቓውሞ ወይ ምምቃል ሓደ ዝነበሩ) ኑቲ ኣብ ግዜ ፖለቲካዊ ቃልሲ፡ ኣብ መንጎኦም ተፈጢሩ ዝነበረ ፍልልይ ፈቲሖም፡ መራሕቲ ክኾኑዎም ሓቲቶምዎም። ግን ኣይሰለጦምን። ካብ ሰለስቲኦም ብዕድመ ዝነኣሰ እድሪስ መሓመድ ኣደም ግን ምስ ተመሃሮ ካይሮ ዝሓሸ ቅርበትን ምርድዳእን ፈጠረ። እቶም ተመሃሮ ምስ ሸኽ እድሪስ ናብ ጎቦ 'መቓደም' ብምውጻእ መደባቶም ሓቢሮም ድሕሪ ምስምማዕ ማሕላ ፈጸሙ።

ድሕሪ ተደጋጋሚ ኣኼባታት፡ ብ10 ሓምለ 1960 ኣብ ካይሮ 'ሓዲቐት ኣልሰመክ' ኣብ ዝተባህለ ቦታ፡ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ንምእላይ ብረታዊ ቃልሲ ምኪያድ ኣብ ዝብል ሓሳብ ተሰማምዑ። ካብ መንጎኦም ማእከላይ ኮሚቴ መሪጾም ንእድሪስ መሓመድ ኣደም ኣቦ መንበሮም ክኾውን መዘዙዎ። ናይቲ ውድብ ስም - ጀብሃት ታሕሪር ኤርትርያ - (ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ) ክኾውን፡ ኣንጻር እቶም ኣብ ኤርትራ ዝነበሩ ወተሃደራት ኢትዮጵያ ድማ ብረታዊ ቃልሲ ክካይዱ ተሰማምዑ። እቶም ተመሃሮ፡ ተቓውሞኦም ካብቲ ዝነበሩዎ ካይሮ እዩ ዝጀምር። ንኣብነት ጋዜጣ 'ዝመን' ብ18 ግንቦት 1961 ኣብ ዘውጽኣቶ ጽሑፍ ከምዚ ይብል፦

"ኣብ ኣልኣዝሃር ዝመሃሩ ኤርትራውያን ተመሃሮ ኑቲ ኣብ ካይሮ ዝርከብ ኤምባሲ ኢትዮጵያ ብምጥቃዕ፡ ኣብኡ ዝነበረ ዶኩመንትታት ብምቅጻል፡ ሓንቲ ንብረት እቲ ኤምባሲ ዝኾነት ኣውቶሞቢል እውን ኣቃጺሎም።"

እዚ ቀዳማይ ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ሓደት ኣዋርሕ ምኻኑ እዩ። ኣብ ምጅማር ሰውራ፡ ብዘይካ ተመሃሮ ካይሮ፡ ካልኦት ዝለዓለ እጃም ዝነበሮም ዜጋታት፡ ኣብ ሱዳን ዝነበሩ ኤርትራውያን ወተሃደራት እዮም። ኤርትራውያን መንእሰያት ካብ 40ታት ጀሚሮም ናብ ሱዳን ብምኻድ ኣብ ሰራዊት መግዛእቲ እንግሊዝ ይዕስከሩ ነይሮም እዮም። በዚ ድማ፡ ናይታ ኣብ ምብራቕ ሱዳን ዝነበረት "ኣል ኡርታ ኣልዓረብያ ኣሸርግያ" ዝሰሞ ኣሃዱ ኣባላት፡ ዝበዝሑ ኤርትራውያን ነበሩ። መግዛእቲ እንግሊዝ ኣኽቲሙ ሱዳን ናጽነት ኣብ ዝተጎናጸፈትሉ እዋን ከኣ፡ እቶም ኤርትራውያን ናይታ ሓዳስ ናጻ ሃገር ሱዳን ወተሃደራት ኮይኖም ቀጸሉ። እንተኾነ ብሰንኪ መበቆሎምን ትሑት ደረጃ ትምህርቶምን ርኡይ ዝኾነ ጅግንነት እናፈጸሙ፡ መዓርግ ኮነ ኣፍልጦ ይረኽቡ ኣይነበሩን።

በዚ ምኽንያት እዞም ኤርትራውያን፡ ካብቲ ሱዳን ናጻ ዝወጸትሉ ዕለት ጀሚሮም ብዛዕባ መንነቶምን ሃገሮምን ክሓስቡ፡ ናጻ ሃገር ክትህልዎም ብምድላይ ሓድሕድ ክላዘቡ ጀመሩ። ሓደ ካብቶም ነዚ ምትእኽኻብ'ዚ ዝመርሑ ዝነበሩ ሰወእ ጣህር ሳልም እዝዝ ነበረ።

እታ ብጠዝሒ ኤርትራውያን ዝነበሩዋ ኣሃዱ ሰራዊት ሱዳን፡ ኣብ 1959 ኣብ ደቡብ ሱዳን ኣብ ዝነበረትሉ እዋን፡ ኣባላታ ኣብ 'ሓረካ' ተወዲቦም ንገለ እዋን ወርሓዊ ክፍሊት እንተኣበርከቱ'ኳ፡ ጸኒሖም ግን ምስጢራውን ዘይንጹርን ኣካይዳ 'ሓረካ' ሕቶታት ከም ዘልዕሉ ገይርዎም ኣይቀጸሉን። ጸኒሑ ግን ኣባል ተመሃሮ ካይሮ መሓመድ ዝነበረ ካብ ሓረካ ዝተፈላለየ ኣደም እድሪስ (ገሰር) ካብ ካይሮ ንከሰላ መጺኡ ብረታዊ ቃልሲ ከተካይድ ዝቐመት ካልእ ውድብ ከምዝሎ ገለጸሎም።

እዞም 'ፍታሕ ካብ ሻምብቆ ብረት ጥራሕ እዩ ዝመጽእ' ኢሎም ዝኣምኑ ወተሃደራት፡ ንእድሪስ መሓመድ ኣደም ድሕሪ ምርካቦም ንኹሎም ከም ኣባላት ጀብሀት ታሕሪር ኤርትርያ ወሰዶማ ነበሩ። ንሓደ በዮን ሚካኤል ተድላ ዝበሃል ኣብ ከሰላ ዝነበረ ቺክለስታ ከኣ፡ ኑቲ ስም ናብ ትግርኛ ክትርጉመሎም ሓቲቶሞ። ነታ 'ጀብሃ' (ግንባር) እትብል ቃል 'ተጋድሎ' ቀይሩ ድማ 'ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ' ኢሉ ተርጎመሎም። ክሳብ እዛ ዕለት'ዚኣ ከኣ፡ እታ 'ተጋድሎ' እትብል ቃል ከም ቀጥዕ ትርጉም ናይ 'ጀብሃ' ተወሲዳ ትቕጽል ኣላ።

እዞም ኤርትራውያን ወተሃደራት፡ እድሪስ መሓመድ ኣደም ከሰላ መጺኡ ምስኦም ርክብ ድሕሪ ምኪያዱ፡ ብረታዊ ቃልሲ ንምጅማር ተሰማሚዖም ነበሩ። ናይ ውግእ ተመኩሮን ወተሃደራዊ ስልቲን ዝፈልጡ ተባዓትን ምኩራትን ዓሳኽር እዮም ዝነበሩ። እንተኾነ ኣብ ኤርትራ ሰውራ ንምጅማር ዘኽእሎም እኹል ዓቕምን ናይ ግዳም ደገፍን ኣይነበሮምን። ብዘለዎም ዓቕሚ ዝኽእሉዎ ክገብሩ ግን ስምዒት ነይሩዎም። በዚ ድማ ሓደስቲ ኣባላት ክውድቡ፡ ብረትን ጥይትን ክእከቡ ጀመሩ። ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ድማ ርክባት ንምፍጣር ተበገሱ። ነዚ ዕማም'ዚ ንምፍጻም ጣህር ሳልም፡ ዑመር እዛዝ፡ ባኽር መሓመድ እድሪስ፡ መሓመድ ሰዒድ ኣደም፡ ኣደም ግንደፍል፡ መሓመድ እድሪስ ሓጅን ካልኦትን ጫብጥ ኩነታት ኤርትራ ክዕዘቡን ክውድቡን ዓመታዊ ዕረፍቶም ብመደብ ናብ ከተማታት ተሰነይ፡ ኣቑርደት፡ ከረን፡ ኣስመራ ፋሕ ብምባል ዕላማ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ (ጀብሃ) እናገለጹ፡ ገለ ርክባት መስሪዖም ንሱዳን ተመልሱ።

ኣቐዲሙ ብ10 ሓምለ 1960፡ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ፡ ኣብ ካይሮ ምስ ቈመት፡ እድሪስ መሓመድ ኣደም ምስ ኢብራሂም ሱልጣን ሓገዝ ንምሕታት ካብ ካይሮ ተበጊሶም፡ ናይ መጀመርታ ዲፕሎማሲያዊ ዑደት ናብ ንግስነት ሰዑዲ ዓረብ ኣካየዱ። እንተኾነ ግን ካብ ንግስነት ሰዑዲ ዓረብ ብዘይካ "ናብ ሕቡራት ሃገራት ከይደኩም ጥርዑ" ዝብል ማዕዳ ዝኾነ ሓገዝ ከይረኸቡ፡ ደኺሞም ንካይሮ ተመልሱ። ኣብ ካልኣይ እግሪ ሸኽ እድሪስ በይኑ ናብ ሰዑዲ ዓረብ ኣብ ዝገበሮ ዑደት'ውን ብዘይካ ምስ ዑስማን ሳልሕ ሳበ ተራኺቡ ብሓባር ክሰርሑ ምስምማዕ እቲ ዑደት ካልእ ፋይዳ ኣይረኸበሉን።

ኣብ ጥሪ 1961 እድሪስን ዑስማንን ናብ ሞቓድሾ ብምምራሕ ምስ ቀዳማይ ሚኒስተር ዓብዱራሺድ ሻርማርክ ተራኸቡ። ድሕሪ ኣስታት ሓደ ወርሒ ከኣ፡ ሻርማርክ ኣብታ ሃገር ማሕበር ክቖሙ ፈቒደሎም። በዚ ድማ ኣብ ለካቲት 1961 "ማሕበር ምሕዝነት ኤርትሮ ሶማል" ብወግዒ ተመስሪቱ፡ ዑስማን ሳልሕ ሳበ፡ ቀዳማይ ወኪል ተጋድሎ ሓርነት ኣብ ሶማል ኮይኑ ተመዘዘ። ኣብቲ ፈለማ፡ መደብ ናይዚ ማሕበር'ዚ፡ ጉዳይ ኤርትራ ንምፍላጥ ምስ ኤምባሲታት ምርኻብ፡ መጽሔታትን ካልእ ጽሑፋትን ምዝርጋሕ፡ ከምኡ'ውን ዕድል ኣብ ዝተረኽበሉ ኀበሳት ምኪያድ ነበረ። ብዘይካ'ዚ መንግስቲ ሶማል ንኤርትራውያን ፖለቲከኛታት ናይ ሶማል ዲፕሎማሲያዊ ፓስፖርት ክሕዙ ፈቒደሎም። እዚ ክሳብ መላእ ሓርነት ኤርትራ ዝቐጸለ ብወርቂ ቀለም ተወቒሩ ንመዋእል እናተዘከረ ዝነብር ግዜፍ ውዕለት ህዝብን መንግስትን ሶማል እዩ።

እድሪስ መሓመድ ኣደም ዑስማን ሳልሕን ዝ ዕድል'ዚ ምስ ረኸቡ፡ ኣብ መጀመርታ 1962 ናብ ሃገራት ማእከላይ ምብራቕ ማለት ኩወይት፡ ባሕሬን፡ ሊባኖስን ሶርያን ዑደት ብምግባር ጉዳይ ኤርትራ ከረድኡን ፖለቲካውን ወተሃደራውን ሓገዝ ክሓቱ እኳ እንተፈተኑ ዘዕግብ መልሲ ኣይረኸቡን። ንእግረ መገዱ ግን ምስቲ ካብ 1921 ክሳብ 1927 ኣንጻር ፈረንሳ ሰውራ ዘካየደ ሞሮካዊ ልኡል ዓብደልከሪም ኣልኽታቢ ተላለዩ። ካብ ዕላሎም ድማ ኣብ ኤርትራ ብረታዊ ቃልሲ ጀሚርካ ሰርሒታት ክሳብ ዘካየድካ ሓገዝ ምርካብ ከምዘይከኣል ተገንዘቡ።

ድሕሪ'ዚ ግድን ወተሃደራዊ ግጥም ምኪያድ ክጅምሩ መደቡ። እንተኾነ በረኻታት ኤርትራ ብምውጻእ ሰውራ ክጅምር ዝኽእል ብቑዕ ሰብ ክርከብ ነይሩዎ። ድሕሪ ብዙሕ ውረድ ደይብ ኣተኩሮኦም ኣብ ክልተ ሰባት ኮነ፡ ሰይደና መሓመድ ሸኽ ዳውድን ሓምድ እድሪስ ዓዋተን። ከሰላ ዝነበሩ ኤርትራውያን ወተሃደራት ሱዳን ብቐዳምነት ንሰይደና መሓመድ ክረኽቡ ብምውሳን ምስ ሰይደና ኣብ ጥቓ ዶብ ሱዳን ዓሸር ኣብ እትብሃል ቦታ ቆጸራ ሓዙ። ኣብ መዓልቲ ቆጸራ ዓሸር ምስ በጽሑ፡ ካብ ሰይደና፡ "ኣብ ተሰነይ ዘሎ ካፒታኖ ዓብደልቃድር ይኪታተለና ስለዘሎ ኣብ ፈለሳብ እምበር ኣብ ዓሸር ኣይጸንሓኩምን'የ" ዝብል መልእኽቲ ጸንሖም። ንፈለሳብ ቀጺሎም ንሰይደና ረኸብዎ። ሰይደና ዕላምኦም፡ ስምም፡ ብዘሓም፡ እድሪስ መሓመድ ኣደም ምስኦም ምህላዉን ዘይምህላዉን ሓቲቶም። ኩሉ ዘረብኦም ምስ ሰምዐ ድማ ከምዚ በሎም፦

"ተበገስና ካብ በልኩም፡ ኣነ ዘድሊ ክቕርብ'የ። ክልተ በትሪ ኣግማልን ሓደ በትሪ ከብትን (ሓንቲ በትሪ 100 ጥሪት ይውክል) ካብይ ተጸበዩ። ሓንቲ ኣቡ-ታምሳ (ጠበንጃ) ካብይ ድለዩ። እዘን ሰለስተ በትሪ ሽይጥኩም ገንዘብ ይኹን ብረት ከምጽኣልኩም ይኽእላ እየን። ኣነ ከኣ ኣብዚ ምሉእ ባርካ ተንቀሳቒሰ በታ ዝፈልጦዋ ቋንቋን ኣነ ዝደልያ ነገርን ንህዝቢ ክሕብር'የ። ንስኻትኩም ብደገ እንተ ዓጂኹም ንሕና ብውሽጢ ክንዓጁ ኢና።"

ይቕጽል . . .

ሽባብ
ሃማመተኤ

ሪፓርታዥ





ኣቶ ኣዛዚ በረኸትኣብ
ሓ/ሃማመተኤ ዞባ ዓንሰባ

# “ቅኒትና፡ ነጸብራቕ ክብርታትና”

## ፋልማይ ቅነ ውዳበታት ቀያሕቲ ዕምባባ

25 ነሓሰ – 5 መስከረም 2025 ከረን

ቤትኤል ሰለሙን

ከተማ ከረን እቲ ኣብ ዝባን ጎቦታታ ተሓዚሉ ዝሓደረ ግመን ዛሕሊ ዝዓብለሎ ኩነታት ኣየርን ግርማ ወሲኾምላ ኔሮም። እቲ ተቐባሊ ጋሻ ዝኾነ ነባሪኣ ከም ልማዱ፡ ካብ ሽዱሽተ ዞባታት ናይ ሃገርና ንዝመጹ ኣጋይሽ ንምቕባል ምድላዋቱ ከጻፍፍ እዩ ቀንዩ። እቲ ፈላምን ታሪኻውን ቅነ ዝኽፈተሉ ግዜ ስለ ዝኣኸለ ኩሉ ተሳታፊ ኣብ ኣዳራሽ ምምሕዳር ከተማ ከረን ክውሕዝ ተራእዩ።

ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ኤርትራ ንቕሓት ተመሃሮን መንእሰያት ንምብራኽ ኣብ ዝተፈላለየ ውዳበታት ተጠርኒፎም ባህሎምን ታሪኾምን ዝፈልጥሉ፡ ውሽጣዊ ዓቕሞም ዝፍትሸሉ፡ ናይ ተወዳደርነት መንፈስ ዘዕብዩሉ፡ ሓድሕድ ምትሕግጋዝን ፍቕርን ዝኸስቡሉ ንጥፈታት የሰላስል። ኣብ’ዚ ውዳበታት ዝተጠርነፉ መንእሰያት ከኣ ብኹለንትንኦም ብቑዓት ኮይኖም ንኽወጹ ሓያል ጻዕርታት የካይድ።

ውዳበታት ቀያሕቲ ዕምባባ’ውን ሓደ ካብ ውዳቤታት ማሕበር ኮይኑ፡ ኣብ መባእታን ማእከላይን ደረጃ ትምህርቲ ንዝርከቡ ተመሃሮ ዝሓቑፍ ኮይኑ፡ ምስ ዕድሚኦም ዝኸይድ ባህላዊ፡ ትምህርታዊ፡ ስፖርታዊ፡ ኣስተምህሮን ስልጠናታትን፡ ዑደት ናብ ታሪኻዊ ቦታታት ወዘተ የካይዱ። ብመልክዕ መዛሙር፡ ግጥምታት፡ ደርፍታት፡ ትልሂታት፡ ድራማታትን ካልእ ጥበባዊ መገድን ድማ ናብ መዘኑኦምን መላእ ሕብረተሰብን ጸላዊ ጎስጓሳዊ መደባት ዘካይድ ንጡፍ ውዳበ’ዩ።

እቲ ከተማ ከረን ከትኣንግዶ ክትሸባሸበሉ ዝቐነየት ቅነ እምበኣር፡ ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተማሃሮን ኤርትራ ንፈለማ ግዜ ብደረጃ ሃገር ቅነ ውዳቤታት ቀያሕቲ ዕምባባ ንምእንጋድ’ዩ ነይሩ። እቲ ብዓይነቱ ውዳበኡን ፍልይ ዝበለ ሃገራዊ ቅነ ውዳበታት ቀያሕቲ ዕምባባ፡ “ቅኒትና ነጸብራቕ ክብርታትና” ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ፡ ኣማሓዳሪ ዞባ ዓንሰባ ኣምበሳደር ዓብደላ ሙሳ፡ ኣዛዚ እዚ ህዝባዊ ሰራዊት ብርጋደር ጀነራል ተኽለ ልብሱ፡ ኣቦመንበር ማሕበር ኣቶ ሳልሕ ኣሕመዲንን ኣባላት ቀያሕቲ ዕምባባ ነበር፡ ካብ ሽዱሽተ ዞባታታት ዝመጹ ኣባላት ቀያሕቲ ዕምባባ፡ ብርኽት ዝበሉ ዕዱማት ኣጋይሽን ተሳተፍትን ኣብ ዝተረኽቡሉ ብድምቀት ተኸፊቱ።

ኣዳራሽ ምምሕዳር ከተማ፡ ብስልማት ወቒቡ፡ ብተዓዘብቲ ካብ ጻት ንጻት መሊኡ ነቲ ታሪኻዊ መደብ ድምቀት ወሲኽሉ ኔሩ። መራሒ መደብ ንዕዱማት ኣጋይሽን ኣባላት ቀያሕቲ ዕምባባ ኩለን ዞባታትን እንቋዕ ደሓን መጻእኩም ድሕሪ ምባል፡ መደብ ብሃገራዊ መዝሙር ንምኽፋት ናብ ተሳተፍቲ ሓበሬታ ኣመሓላለፈ።

መደብ ብወግዒ ምስ ፈለመ፡ “ኩሉ ድሕሪ ሃገር” ዘርእስታ ሰውራዊት መዝሙር ክፍሊ ሰራዊት 52 ነበር፡ ብማርሽን ባንድ ቀያሕቲ ዕምባባ፡ ጉጅለ (ኳየር) ዘመርቲ ከረን ጸዕዳ፡ ጉጅለታት ዞባ ደቡብ ዓንሰባን ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕርን ብመሳጢ ኣገባብ ቀሪባ። ንዓኣ ስዒበን ድማ ኣባላት ጉጅለ (ኳየር) ዘመርቲ ከረን ጸዕዳ “ቀያሕቲ ዕምባባ”ን “ይገኑ ይገና”ን ዝብላ መዛሙር ኣቕሪበን። ሃገረይ ዘርእስታ ግጥሚ ኣብተን ነቲ ኣጋጣሚ ድምቀት ዝወሰኻ ፍርያት ኮይና ምስ ቀረበት፡ ወግዓዊ መኽፈቲ ቃል ሓላፊ ሃማመተኤ ዞባ ዓንሰባ ኣቶ ኣዛዚ በረኸትኣብ ስዒቡ።

ንኹሎም ኣባላት ቀያሕቲ ዕምባባ፡ እንቋዕ ናብ ቀዳማይ ሃገራዊ ቅነ ቀያሕቲ ዕምባባ ኤርትራ ኣብቀዓኩም ድሕሪ ምባል፡ እዚ ቀዳማይ ቅነ ውዳበታት ቀያሕቲ ዕምባባ ኣብ ከተማ ከረን ክካየድ ንዝወሰኑ ኣካላት ኣመስጊኑ።

“ውዳቤ ቀያሕቲ ዕምባባ ኣብ ሃማመተኤ ከም መቐጸልታን መተኣሳሰርን ታሪኽ ውድብን ክብርታት ሰውራን ዝጥመት ፈላሚ ናይ ውዳበ ቀጸላ እዩ።” ዝበለ ኣቶ ኣዛዚ፡ እዚ ፋልማይ ሃገራዊ ቅነ ቀያሕቲ ዕምባባ መርኣያን መቐጸልታን ናይቲ ማሕበር ኣብዚ ውዳበ ዘለዎ ኣተኩሮ ምዃኑ ኣብሪሁ።

ብምቕጻል ኣቶ ኣዛዚ፡ ብደረጃ ሃገር 55% ደቂ ኣንስትዮ ዝርከብኦም ኣብ 139 ጉጅለታት ዝሕቆፉ 4,205 ዝኣኽሉ ቀያሕቲ ዕምባባ ከምዘለዉ ብምሕባር፡ ኣብዚ ን11 መዓልታት ዝቕጽል ቅነ 170 ተሳተፍቲ ጥራይ ብምህላዎም፡ ኣብ ዝቕጽል ቅነ ውዳበታት ቀያሕቲ ዕምባባ ንብርክት ዝበሉ ኣባላት ዘሳትፍ ክኸውን ዘለዎ ሰናይ ትምኒት ድሕሪ ምግላጽ፡ ነቶም ነዚ መደብ ንምዕዋቱ ኩሉ መዳያዊ ሓገዛት ዘበርከቱ ኣካላት ኣመስጊኑ።

ከተማ ከረን ካብ 1940ታት 50ታትን ድሕሪኡን ኣብ ምጅማርን ምሕያልን ዕጥቃዊ ቃልሲ ማእከል ሃገራዊ ቃልሲ ዝነበረት ከተማ እያ። እዚ ሎሚ ብሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተመሃሮን ኤርትራ ዝብል ስም ተተኪኡ ዘሎ ማሕበር፡ ሃገራዊ ማሕበር ተመሃሮ ኤርትራ ብዝብል ስሙ ኣብ 1978 ፈላሚ ጉባኤ ብምክያድ ሃገራዊ መልክዕ ሒዙ ዝተመስረተላን ድሕሪ ናጽነት’ውን ብደረጃ ሃገር ዝሰፍሐ ጨናፍር ውዳበታት፡ ዝበዝሐ ዓቕሚ መንእሰያትን ዝሓየለ ውዳበን ዝተራእየላን ዝረኣየላ ዘሎን ከተማ እያ። ስለዝኾነ እዚ ኣገዳስን ታሪኻውን ቅነ ኣብዛ ከተማ ክካየድ ምውሳኑ ነቲ ዝጸንሐ ታሪኻዊ ፍጻመታት ዝድርዕ እዩ።

ኣማሓዳሪ ዞባ ዓንሰባ ኣምባሳደር ዓብደላ ሙሳ ብግደኡ፡ ቀያሕቲ ዕምባባ ከም ኣካል ባህላዊ ኤርትራዊ ክብርታት ኮይኑ ንቕሓት ሕብረተሰብ ንምዕባይን ንምሕያልን ብዝነበሮ ተራ፡ ሰውራዊ ቃልሲ ክዕወት ኣበርክቶኡ ቀሊል ከምዘይነበረ ብምግላጽ፡ ነዚ መሰረት ንቕሓት ሕብረተሰብና ዝኾነ ውዳበ ንምስፍሑ ብማሕበር ዝካየድ ዘሎ ንጥፈታት ሞጒሱ።

ነቲ ብውዳበ ቀያሕቲ ዕምባባ ዞባታት ዝቐረበ ምርኢት ኣመልኪቱ ኣምባሳደር ዓብደላ ሙሳ፡ “ብዘኽሪ ንድሕሪት መሊሱ ዘነቓቕሕን ኣዝዩ መሳጥን ፍሉይን መደብ ተዓዚብና” ድሕሪ ምባል፡ ነዚ ውዳበ’ዚ ንምዕባዩ፡ ማሕበር ብቐጻሊ ዘካይዶ ዘሎ ጻዕሪ ደገፍ ኩሉ ኣካል ከም ዘድልዮ ብምሕባር ከኣ፡ ካብ ዘለዎ ንላዕሊ ሓይሉ ክቕጽልን ክዓብን ኣድላዪ ዘበለ ደገፋት ንምብርካት ዘለዎ ድሉውነት ኣረጋጊጹ።



ኣብዚ ካብ 26 ነሓሰ ክሳብ 05 መስከረም ዝቕጽል ቅነ፡ ብዘይካ’ቲ ኣብ ሞንጎ ውዳበታት ቀያሕቲ ዕምባባ ዝካየድ ውድድር፡ ንታሪኽ ቀያሕቲ ዕምባባ፡ ኣገዳስነት መዛሙር ኣብ ምህናጽ መንነት፡ ኣብ ሌላ ትልሂት ብሄራት ኤርትራ ዘተኮረ ኣስተምህሮ፡ ብዓበይትን ፍሉጣትን ሞያውያን ክወሃብን ዑደት ናብ ታሪኻዊ ቦታታት ያና፡ ፎርቶ ከረን፡ ጥንቁልሓስ ካልእን፡ ውሁድ ምርኢት ሽዱሽቲኦን ጉጅለታት ናብ ህዝብን ሰራዊትን ክቐርብ፡ ምርኢት ሃገራውን ሰነዳውን ፊልምታት፡ ከምኡ’ውን መረዳእትኦም ዘዕቢ ሓባራዊ ዘተ ኣብ ሃገራዊ ትእምርትታት፡ ባንዴራ፡ ኣርማ፡ ሃገራዊ መዝሙር ዘተኮረ መደባት ክካየድ እዩ።

ብተወሳኺ፡ ኣብ ሰውራ ዝፈረየን ሓድሽን መዛሙር፡ ደርፍታትን ትልሂታትን ብሄራትና ብሞያውያን ብድምጽን ስእልን ብምቕራጽ ናብ ኣብያተ ትምህርቲ ምዝርጋሕ ካብቲ ከም መደብ ተታሒዙ ዘሎ ኣካል እዚ ቅነ እዩ። ዕላማ እዚ ምስናድ ኣብ ኩሉ ኩርናዕ ሃገርናን ኣብ ወጻኢ ሃገራትን ንዝነብሩ ዜጋታት ብቐንዱ ከኣ ንተማሃሮ ክመሃሩሉን ኣብ ምሕያል መንነት ምቕሉል ኣበርክቶ ከምዝህልዎ ንምግባር እዩ።

ኣብቲ ኣጋጣሚ፡ ኣብዚ እዋን ኣብ ዝተፈላለየ መንግስታዊ ጽፍሒ ተመዲቦም ዝዓዩ ዘለዉ፡ ኣባላት ቀያሕቲ ዕምባባ ከተማ ከረን ነበር ነቲ ዕለት ድምቀት ዝወሰኽሉ ትሕዝቶ ንተሳተፍቲ ኣቕሪቦም። ቅድምን ድሕርን ምሕራር ከተማ ከረን፡ ኣብ እዋን ምዝላቕ ዝነበረ ኩነታት ምስ ውልቃዊ ዝኽርታቶም እናዛመዱ ብምቕራብ፡ ኣባላት ጉጅለ ቀያሕቲ ዕምባባ ኣብ ዝነበርሉ እዋን ዝዘመርዎ መዛሙር ኣስታት 48 ዓመታት ንድሕሪት ተመሊሶም ብምዝማሮም ካብ ተሳተፍቲ ዓቢ ኣድናቖት ክረኽቡ ክኢሎም እዮም።



# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

Zara Mining Share Company

## Vacancy Announcement

| | |
|---|---|
| **Position:** | **Senior Electrician** |
| **Number required** | **1** |
| **Location:** | **Koka Gold Mine (Site)** |
| **Reporting to:** | **Project Superintendent** |
| **Position Overview:** | To supervising and executing all equipment maintenance and technical support to facilitate and maintain the mobile and fixed plant for high and low voltage power supply. |

**Duties/ functions:**

- Providing electrical maintenance of all electrical equipment and machinery.
- Repair and maintain all electrical reticulation throughout the camp.
- Plan, coordinate and deliver all maintenance activities for the plant, mobile equipment, and infrastructure
- Minimize any down time of generators, camp equipment and machinery.
- Repairs to all electrical equipment.
- Managing and planning the installation/maintenance of electrical equipment.
- Being accountable for the sae commissioning of all electrical equipment.
- Plan, coordinate and deliver all maintenance activities for plant, mobile equipment, and electrical infrastructure
- Maintain the power supply to the company's on-site operations.
- Any other work requested by management.
- Maintenance all AC units and prepare the tools and spare parts for maintenance.
- Familiar with the Chinese equipment and parts, with the ability to read and draw the electrical diagram.
- Understand the electrical drawings and can prepare the material list accordingly for management's decision.

| | |
|---|---|
| **Formal Education or Equivalents**: | ➢ Minimum secondary school completed an electrical apprenticeship |
| **Working experience – nature and length** | ➢ Minimum of 5 years working in electrical maintenance. Experience in mine or exploration maintenance preferred. |
| **Leadership Experience – nature and length of time** | ➢ Not required, but a preference to demonstrate leadership experience. |
| **Other skills and abilities** | ➢ Full trade qualifications for an electrician for an electrician AC maintenance skill.<br>➢ Strong communication and interpersonal skills.<br>➢ Team player<br>➢ Must be able to work and perform under pressure. |
| **Unique requirements:** | • All high and low voltage equipment and tools of trade<br>• Certified electrician<br>• To be able to pass a full Doctor's Physical examination<br>• To be able to work with ZMSC rosters. |
| **Salary** | Company scale |
| **Room Accommodation** | Free accommodation |

Please mail your applications to the **ZARA MINING SHARE CO P. O. Box 2393. Asmara, Eritrea**

**Note to Eritrean applicants:** - Please send a copy of your application to Aliens Employment Permit Affairs P.O. **Box 7940** Asmara, Eritrea. and Eritrea. Mineral Resources Management **P. O. Box 272**

Deadline for application: **Seven days** from the day of announcement.

# ምልክታት

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

• continued from page 8

**Profile: Qualifications and Experience**

| | |
|---|---|
| Formal Education, Certifications or Equivalents | • Bachelor's degree in mining engineering at a recognized University |
| Working Experience – Nature & Length | • 10 -15 years' experience in metalliferous mining with 5 years open pit mine, 3 years underground and 3 years senior mine engineer experience.<br>• Production engineering and planning experience.<br>• Mining technology and large-scale production experience<br>• Ability to lead and co-ordinate a mine planning or technical team<br>• LOM planning experience<br>• Open pit and underground drill and blast design experience<br>• Open pit design and optimization experience<br>• Experience with Mine Planning software, preferably Data mine<br>• Proficient spreadsheet, presentation, work processing and database skills<br>• Budgeting and costing experience<br>• Experience working in Africa |
| Technical Skills | • Leadership skill in multi-disciplinary environment.<br>• Train and develop local staff<br>• Analytical skills<br>• Project management skills<br>• Attention to detail<br>• Report Writing skills<br>• Decision making skills<br>• Plan, organize and execution skills<br>• Understand Machine capabilities and productivities.<br>• Problem solving skill<br>• Valid Driver's License |
| Behavioral Skills | • Safety leadership by example<br>• Ability to work in developing country<br>• Good Interpersonal skills<br>• Ability to work under pressure with challenging targets<br>• Commitment to deliver on agreed targets - Results oriented<br>• High level of initiative<br>• Ability to multitask<br>• Demonstrated team building and mentoring skills<br>• Demonstrated training and people development skills<br>• Strong interpersonal relationship-building skills and adaptability to work with people of different cultures.<br>• Good interpersonal skills. Get things done attitude. |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work**: AMSC Sites
- **Type of contract:** Definite (2 years)
- **Salary:** As per the Company salary scale

**Additional requirements for Nationals:**

- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current/last employer.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
- Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to the sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 7 days from the day of publication in the Newspaper.

- **Address: Please mail your applications to:**
  **Asmara Mining Share Company,**
  **P. O. Box 10688 Asmara, Eritrea**
- **Applicants shall be required to send a copy to:**
  **Mineral Resources Management**
  **P.O. Box – 272**
  **Asmara**
- **Note to Eritrean applicants:**
  **Please send a copy of your application to**
  **Aliens Employment Permit Affairs,**
  **P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea**



## ምስጋና

ብዕረፍቲ ብልቢ ኣፍቅራ ኣዴና ወ/ሮ ወዘሸ መኮነን ወ/ዮውሃንስ፡ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ኣብ ሕማማ ዝበጻሕኩማ፡ ምስ ዓረፈት ድማ ክሳብ ዓዲ ንፋስ ብምኻድ ዘቃበርኩምና፡ ከምኡ’ውን ናብ ገዛ ብምምልላስ ይኹን ካብ ወጻኢ ሃገር ቴሌፎን ብምድዋል ዘጸናናዕኩምና ንኩልኹም የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ ንብል።

ደቃ ምስ ምሉኣት ስድራቤት



## ምስጋና

ብዕረፍቲ ኣዚና እነፍቅራ ሓፍትናን ኣዴናን ወ/ሮ ጸሃይ ተኽስተ ዘርኣይ፡ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ኣብ ሽማንገሉስ ላዕላይ ብምኻድ ዘቃበርኩምናን ብኣካል ተመላሊስኩምን ካብ ውሽጥን ወጻእን ብቴሌፎንን ዘጸናናዕኩምናን ቤተክህነትን ቤተሰብን ፈተውትን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ምስጋናና ነቕርብ።

ደቃ ምስ ምሉኣት ስድራ-ቤት



## ምስጋና

ብሃንደበታዊ ሞት ዘፍቅሮ ክቡር ብዓል-ቤተይ ኣቶ ብርሃ ተኽሉ ኣደከም፡ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ኣብ መቓብር ሓዙሓዝ ዘቃበርኩምና፡ ኣብ ገዛና ብምምልላስን ካብ ውሽጥን ወጻእን ብቴሌፎንን ዘጸናናዕኩምና ሕሰም ኣይትርከቡ የቐንየልና እናበልና ሓዘንና ንገልጽ።

ብዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ መብራት ስዩም ስለሙን ምስ ምሉኣት ስድራቤት

ኣብ ከተማ ኣስመራ ዞባ 7 ምም/12 ጎደና መ/ሀ ቁጽሪ ገዛ 46 ዝርከብ ኣብ ኮሚሽን ኣባይቲ ቁጽሪ ምስክር ወረቐት 110695 መወከሲ ቁጽሪ 109346 ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ናይ ዋንነት መረጋገጺ ሰነድ (ሊብሬቶ) ስለ ዝጠፍኣኒ፡ ብዕዳ ሒዘዮ ወይ ረኺበዮ ዝብል እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ብቴሌፎን ቁጽሪ 07165357 ክሕብረኒ፣ እንተዘይኮይኑ መተካእታ ክላትት ምዃነይ ኣረጋግጽ።

ንጉሰ ገብረመስቀል ዘርኣማርያም

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ሉቲና ኣቦባ ገብረሚካኤል ምባል ተረፉ፡ ኣቦባ ሉቲና ገብረሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/9/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋብኢያ ቁ.32 ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ግርማይ ገብረእግዚኣብሄር መዓሾ፡ ወኪል ዓወት ግርማይ ገብረእግዚኣብሄር፡ ብዕለት 09/06/2025 ዝተጻሕፈ ምልክታ ነ/ፍ ኣቦባ ደግናይ ክፍለ ዝሃበትኒ ውህብቶ ይጽደቐለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ 7ይ መጋብኢያ ን09/10/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ከረን

ኣኸሪም ዓብዱ መሓመድኖር ምባል ተረፉ፡ ከይሪት ዓብዱ መሓመድኖር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/9/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ምልክታ
ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

ASMARA MINING SHARE COMPANY

Abo Street, No. 178, House No. 16
Gejeret, P.O. Box 10688

Tel. ++291-1-153986
Asmara, Eritrea

# VACANCY ANNOUNCEMENT

**Asmara Mining Share Company is inviting applicants for the following position.**
**Mining planning Superintendent**
**Number required – (01)**
**Type of contract – Definite (2 years)**

**Major Duties and responsibilities**

- Manage daily activities of the mine planning team to ensure safe and productive work is delivered.
- Deliver daily, weekly and monthly plans with the operations team and practical and executable.
- Undertake safety investigations and take corrective actions to prevent recurrence.
- Develop planning team competencies and establish safe systems of work through standard operating procedures.
- Generate daily, weekly, monthly and quarterly performance reports
- Develop planning teams systems and processes to meet long term requirements.

TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREA

**Health, Safety and Environment**

- Comply with all legal obligations, safety policies and procedures
- Creating and maintaining a safe work environment and ensure that all Company health, safety & security procedures and policies are being followed by staff and contractors.
- Always practice courageous leadership
- Ensure all operations are conducted regarding the use of safe work practices and proper PPE
- Ensure all safety incidents are fully reported, investigated and corrective actions taken as required.
- Recognize and report all hazards at the project site
- Ensure Company environmental standards are met and adhered to
- Undertake risk assessments to reduce the operational risk profile where possible
- Encourage team members to have active participation in the EMR team.

**Administration**

- Prepare short-term production and waste mining schedules and maintain current and accurate mine
- plans in accordance with up-to-date data on the ore reserve from geology and the mine from survey
- Update the mine design and plan as new data requires and revise production and waste mining schedules and the associated mine performance forecasts.
- Approve drill and blast designs and activities
- Update planning team on design changes to fit the purpose, update plans as new data requires and revise production and waste mining schedules and the associated mine performance forecasts
- Ensure all production is reconciled against budget/forecast
- Recruit, develop and mentoring mine planning staff.
- Build and manage a quality engineering team that will work safely and productively

**Technical**

- Reduce ore dilution through open pit design optimization, improved mine design sequencing, minimum mining wide specification and drill and blast methods
- Ensure timely mining engineering advice is available to solve technical problems in the mine
- Coordinate the construction or placement of mine services (ramps and roadways, bunds, ground control, power, water, communications, work areas, personnel facilities) to support other mine activities
- Prepare short-term production and development schedules and maintain current and accurate mine
- plans in accordance with up-to-date data on the reserves from geology and mine from survey.
- Ensure approval of drill and blast designs and activities
- Update planning team on design changes to fit the purpose, update plans as new data requires and revise production and waste schedules and the associated performance forecasts
- Deliver LOM plans, budget plans and quarterly plans in a timely manner with practical engagement with the operational teams.
- Apply best industry practice to all mine designs and schedules
- Develop safety management plans to facilitate the provision of safe workplaces (explosives management plan, ground control management plan....)
- Review new and advancing technologies to determine if there are cost effective benefits for implementation

**Standards**

- Implement sound mining engineering planning systems, standards and procedures into the mine
- Develop mine design guidelines to assist in developing the planning team and producing consistent quality designs and schedules.

**Reporting**

- Generate daily, weekly, monthly and quarterly performance reports to show progress to plan inclusive of variance
- Assist geology and survey to undertake reconciliations to monitor performance.

**Other**

- Work harmoniously with other departments to ensure good relationships are developed and maintained.

**continued on page 7**



ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)

# እቲ መርማሪ ቈልዓ

## ታሸዓይ ክፋል

“ስለምንታይ ደኣ ኣዝ ደብዳበ ባዕሉ ዘይሃበካ? ገለ ምስጢርሲ ኣለኩም መስለኒ?”

“ባዕሉ ክህበኒ ኣይደለየን። ኣብ ሓጺር ግዜ ክንራኸብ ምኽንያት ግን ፍሉጥ እዩ። ካልእ ዋላ ሓንቲ ምስጢር ዘበሃል የብልናን… እዚ ደብዳበ ዝሃበካ ንእሽቶይ ቈልዓ ደዩ ሓቀይ?”

“እዋእ! ምሽ ንፋለጥ ኢና ክትብለኒ ጸኒሒካ ረሲዕካዮ ዲኻ?” ሳይሞን ሰሓቐ።

“እወ ግን ብኣካል ኣይንፋለጥን ኢና ምሽ ኲቦለካ ጸኒሐ። እንታይ ኢኻ ወደይ ምምርማር ትፈቱ? ክንዲ መን እዩ ጥራይ እንዶ ንገረኒ?”

“ንሱ ደኣ ልክዕ ክንዳይ እዩ… ካብይ ዋላ ሓንቲ ፍልልይ የብሉን…፣” ከም ዘየስተብህል ተረዲእዎ ኣንፈተሉ።

“ኣይትሕተቶ ኢሉኒ እምበር መርኣኻኒ…፣”

“ንኣይ’ውን ከይትሕብሮ ስለ ዝበለኒ ኣነ ኸኣ ኣይመርኣኹኻን… ኣዚኻ ኢኻ ትፈርሆ ሓቀይ፣” ሳይሞን ክምስ በለ።

“ኣይ ማለት ዋላ ሓንቲ ዘፍርህ የብለይን። ግን ኣለካ ምሽ፣” ሰመረ ዓቕሉ ክጽብብ ጀመረ።

“ኣብዚ ግዛውትና ዝተጉብረ ጉድ’ባ ከየዕለልኩኻ…፣” ሳይሞን ናብ ካልእ ኣርእስቲ ክሰግር ደለየ።



ሮዳና

“ናይ ምንታይ ጉድ!?” ሰመረ ዘሰንበደ መሰለ።

“ንሓደ ዓርክና ካብ ካንሸሎኦም ብሽክለታ ትሰረቖ….፣’

“እዋእ! እንታይ ትብል ወደይ!?” ጉዳዩ ስለ ዝኾነ ኑብሱ ግፍፍ ኲብሎ ተፈለጦ።

“ሓቀይ እየ! ወዮ ሰራቒ እንታይ ከም ዝሓሰበ ብቐድሚ ትማሊ ነታ ዝሰረቓ ብሽክለታ መሊሱዋ፣” ሳይሞን ተዛዂዩ ተዛረበ።

“እንታይ ትብል ወደይ ዘገምር’ዩ!” ጉዱ ይሰምዕ ስለ ዝነበረ ሕፍረት ተሰመዖ።

“ከምዛ ዝበልካ፣ ኣዝዩ ዘገርም እምበር።”

“እዚ ደኣ ኣዝዩ የገርም እምበር። እዚ ንፋዕ ሱብ ክኸውን ኣለዎ፣”

“ኣንታ ኢንጅነር ዓርከይ ንፋዕ ሰራቒ ኣሎ ድዩ? ገለስ ኮይኑ ኣሎ እምበር። ኢንጅነር እዚስ ኣብ ምንታይ ይኸውን ኢልካ ትሓስብ?” ሓሳቡ ክሰምዕ ደለየ። ሳይሞን፣ ክልቲኦም ይዋስኡ ምንባሮም ግርም ገይሩ ተረዲእዎ ነበረ።

## ዛንታ

“እዚ ወዲ ተጣዒሱ ክኸውን ኣለዎ። ወይ ድማ ክሰርቕ ከሎ ዝረኣዩዎ ሰባት ይህልዉ … ምስሶ ኢሎሞ ከኣ ይኾኑ። እምበር ከምዚ ዓይነት ዘረባ ሰሚዐ ኣይፈልጥን’የ ኢንጅነር ዓርከይ!”

“ዋላ ኣነ ኣዝየ እየ ተገሪመ። ንስኻ ከምዚ ምግበርካ ማለት ዝሰረቕካዮ ምመለስካ!? ኣነ ፈጺመ ኣይምመለስኩን፣” ሓሳቡ ክሰምዕ ተሃንጠየ።

“ኢንጅነር ዓርከይ ስርቂ ግናይ ኣመል እዩ… ሓደ ዓርክና ማለት ወዲ ግዛውትና ከምዚ ኣጓኒፉዎ ነይሩ…፣”

“ከመይ?” ሳይሞን ዘረብኡ ከም ዝመሰጦ ተውቲፉ ክሰምዖ ጀመረ።

“ከምዛ ዝበልኪያ ኣብ ሓንቲ ካንሸሎ ንብረት ይሰርቀልካ…፣”

“እንታይ ዓይነት ንብረት?”

“እንታይ ዓይነት ንብረት ዲኻ ዝበልካ?” ሓንሳእ ሕሱብ ኣቢሉ፣ “ጎማ ናይ መኪና እያ ነይራ…፣”

“ሕራይ ቀጽል…፣”

“ሽዑ ሓደ ንእሽቶ ቈልዓ ቈጀሕ እዩ ዝበሃል ኢሉኒ ነይሩ። … ኣብ ካንሸሎ ገዛኦም ኮይኑ ይስእሎ። ወዮ ሰራቒ ተዓዊተ ኢሉ ቀሲኑ ካልእ ግዜ ክደግም ከሎ እቲ ቈልዓ ይርእዮ። ሽዑ እቲ ንእሽቶ ቈልዓ እናሰረቐ ከሎ ዝሰኣሎ ስእሊ ኑቲ ሰራቒ የርከቦ። እቲ ወዲ ዝጉብሮ ጠፊእዎ ኣብ መወዳእታ ነታ ዝሰረቓ ብሽክለታ መሊሱዋ…፣” ተዛዂዩ ኣዕለለ።

“እዋእ! ብሽክለታ ኢልካ… ኣቐዲምካ ግን ጎማ ናይ መኪና ክትብል ጸኒሕካ፣” ዘረባ ብምድኑብላቑ ሳይሞን ተገመረ።

“ኣንታ ክንደይ ዘረባ ክትኣሪ ኢኻ?… ኩሉ ሓደ ናይ መኪና ጎማ ዲያ ኢለካ ጸኒሐ።” ኣብ ዘረባ ምግጋዩ ንገዚእ ኑብሱ ኣሕረቖ።

“እወ ጎማ ናይ መኪና፣”

“ነታ ጎማ ናይ መኪና ናብታ ዝነበራ ምለሳ ኢልዎ። ወዮ ሰራቒ ድማ ኣብታ ዝነበረታ መሊሱዋ።”

“ብድሕሪኡኸ!?” ሳይሞን መላገጺ ስለዝረኸበ ብሓጐስ የዕልል ነበረ።

“ብድሕሪኡስ ኣይነገረንን። ምስ ነገረኒ ካልእ መዓልቲ ክነግረካ እየ። ሕጂ ይኣኽለካ ኢንጅነር ዓርከይ፣ ሎሚ ስለ ዝተሓጎስኩ ፈኹሱኒ ነዊሕ ኣዕሊለካ፣ ነዛ ደብዳበ ኸኣ ኣብ ኢዱ ኣረክቦ፣” ካብ ዳሕረዋይ ጅባኡ ደብዳበ ኣውጺኡ ንሳይሞን ኣቐበሎ፣ ካብቲ ኮፍ ኢሉሉ ዝነበረ ማርቻፒዲ ሓፍ በለ።

“ሕራይ ኢንጅነር ዓርከይ ኣብ ኢዱ ከረክቦ እየ፣”

ሰመረ፣ ካብቲ ዘቐሸ ወጥሪ ፈኹሱዎ ናብ ገዝኡ ከደ።

ሳይሞን፣ ኣብ ገዛ ከይዱ ኣብ ሳሎን ኮፍ ኢሉ ነታ ደብዳበ እናኸፈታ ከምዚ በለ፣

“ኢንጅነር ሰመረ ኣዝዩ ተጨኒቑ ከምዘሎ ኣረጋጊጸ ኣለኹ። ካብ ኩሉ ኣነ ምኽንያ እንተ ፈሊጡ እንታይ ክሰምዖ እዩ እንድዒ! እንቋዕ ተጣዕሰ፣ ከምዚ ኢሉ ምጭናቑ ተጣዒሱ ኣሎ ማለት እዩ። እንታይ ዝበል ደብዳበ ኢዩኸ ጽሒፉለይ ዘሎ፣” ነታ ደብዳበ ከንብባ ጀመረ፣

ይቕጽል…

## ዕላል ምስ ሃብሮም □ ‘118 መጻሕፍቲ ኣንቢበ ኣለኹ።’





**ምስ ገዛእ ርእስኺ ክተላልይና?**

ስመይ ሳራ ዮሴፍ ቀለታ እበሃል። ብ9 ታሕሳስ 2011 ካብ ኣቦይ ዮሴፍ ቀለታ ኣደይ ይርግኣለም ንርኣዮ ኣብ ከተማ ኣስመራ ተወሊደ። ኣብ ቤት ትምህርቲ ማይ ተሰፋ ኸኣ እምሃር፣ ሕጂ ናብ ሻምናይ ክፍሊ ሓሊፈ ኣለኹ።

**ዝተመሃርክለን ኣብያተ ትምህርቲ ክተላልይና?**

መዋእለ ህጻናት ቅዱስ ዳንኤል ካምቦኒ ናይ ሕጂ ፍልፍል ተማሂረ። $1^{ይ}$ ክፍሊ ኣብ ቤት ትምህርቲ ሰምበል፣ ካብ $2^{ይ}$ ክሳብ $5^{ይ}$ ኣብ ቤት ትምህርቲ ሰውራ፣ ካብ $6^{ይ}$ ክሳብ $7^{ይ}$ ክፍሊ ድማ ኣብ ቤት ትምህርቲ ማይ ተሰፋ ተማሂረ።

**ናይ ትምህርቲ ውጽኢትኪ ከመይ ይመስል?**

ኣብ ትምህርተይ ንፍዕቲ ተመሃሪት እየ። ብዘይካ ኣብ $2^{ይ}$ን $3^{ይ}$ ክፍሊ ኣብ ኩለን ክፍልታት ብልጫ እናወሰድኩ እምሃር ኣለኹ።

**ኣንባቢት ምዃንኪ ሰሚዐ ኣለኹ፣ ክሳብ ሕጂ ክንደይ ዝኣኽሉ መጻሕፍቲ ኣንቢብኪ ኣለኺ?**

እወ ኣንባቢት እየ፣ ክሳብ ሕጂ ድማ 118 ዝተፈላለየ መጻሕፍቲ ኣንቢበ ኣለኹ። እዚ መጻሕፍቲ ካብ 2018 ክሳዕ ሕጂ ዘንበብኩዎ እዩ። ዘንበብኩዎ መጽሓፍ ከኣ እምዝግቦ እየ።

**እተንብብዮም መጽሓፍቲ ከመይ ዝበሉ እዮም?**

ኣብ ትምህርቲ ዝሕግዙኒ መጻሕፍቲ፣ ልብ ወለድ፣ ናይ ታሪኽ መጻሕፍቲ ከምኡ’ውን ንተመሃሮ ተባሂሎም ዝተጸሓፉ መጻሕፍቲ እየ ዘንብብ።

**ንባብ ብኸመይ ተላሚድክዮ?**

ባባ ኣንባቢ ስለ ዝኾነ ብዙሕ መጻሕፍቲ ይቕርበለይ ነይሩ። ኣቡቲ መጀመርታ ስእሊ ዘበዝሖ ውሑድ ጽሑፍ ዘለዎ መጻሓፍቲ ኣንብብ ነይረ። ቀስ ብቐስ ዓበይቲ መጻሕፍቲ እናንበብኩ፣ ንባብ ከኣ እናመቀረኒ ከይዱ።

**ኣብ መጀመርታ ይኸብደኪ ነይሩዶ?**

እወ። ኣብ መጀመርታ ይህከየኒ ነይሩ። ባባ ግን ከይተሓለለ እናተባበዐ እዩ ኣላሚዱኒ። ዓሰርተ መጻሕፍቲ እንተ ኣንቢበ ተወሳኺት ሓንቲ መጽሓፍ ይሸልመኒ ነይሩ። ልዕሊ ኩሉ ግና ባባ ኣንባቢ ስለዝኾነ ብቐንኢ እየ ቀጺለዮ።

**ንባብ እንታይ ጠቒሙኪ?**

ንባብ ብዙሕ ጠቒሙኒ እዩ። መጽሓፍ፣ ናይ ሕብረተሰብና ኣነባብራ ይምህረካ እዩ፣ እዚ ድማ ንኹተመዛዘን ይሕግዘካ። ኣብ ምዝራብን ምጽሓፍን ኣይትሸገርን ኢኻ። ኣነ ንኣብነት፣ መምህር ዝኾነ ኣርእስቲ ሂቡ ጸሓፉ ክብለና ከሎ ደስ ኢሉኒ ብዘይ ጸገም እየ ዝጽሕፍ። ምኽንያቱ ካብ መጻሕፍቲ ዝኣከብክዎ ብዙሕ ፍልጠት ኣሎኒ። ግዜኻ ብግቡእ ከተመሓድር ከኣ ይሕግዘካ እዩ።

**ኣብ ንባብ ተራ ናይ ወለድኺ ከመይ ይመስል?**

ወለደይን ኣሕዋተይን ኣተባባዕቲ እዮም። መጻሕፍቲ ኣብ ምቕራብን ምምራጽን ድማ ይሕግዙኒ። ተወሳኺ ኣብ ግዜ ንባብ ይከታተሉኒ፣ ሓደ ሓደ ግዜ ምሉእ መዓልቲ ከንብብ ከለኹ ግና ይስከፉ እዮም።

**ኣብ መዓልቲ ንኽንደይ ሰዓታት ተንብቢ?**

ኣብ ቤት ትምህርቲ ግዜ እንረኽብ ናብ ቤት ንባብ እየ ዝኸይድ። ኣብ ገዛ ድማ መጽናዕቲ ምስ ወዳእኩ ናብ ንባብ እየ ዝሰግር። እንተ ዘይኣንቢበ ጽቡቕ ኣይስመዓንን፣ ገለ ዝጐደለኒ ኮይኑ ይስመዓኒ።

**እታ ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ኣንቢብኪ ዝወዳእክያ መጽሓፍ እንታይ ዝብል ኣርእስቲ ኣለዋ?**

ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ዝወዳእክዋ መጽሓፍ ‘ኣደ’ ዝብል ኣርእስቲ ዘለዋ፣ ብኢንጅነር ጺጋይ ተኽለሚካኤል ዝተጻሕፈት ኮይና 261 ገጻት ኣለዋ። ኣብ ሰለስተ መዓልቲ ድማ ኣንቢበ ወዲኣያ።

**ኣብ ሞባይል ግዜኦም ዝጽንሑ ተመሃሮ ምኽርኺ እንታይ እዩ?**

መጀመርታ ምሉእ መዓልቲ ምስ ሞባይል ምውዓል ክሃስዮም ስለ ዝኽእል ብመደብ ክሕዝዋ ኣለዎም። ካልእ ኣብ ሞባይል ክንዲ ፊልምታትን ጸወታታትን መጽሓፍ ክሕዙ እመኽሮም። ካብ መጻሕፍቲ ብዙሕ ረብሓ ክረኽቡ ስለ ዝኽእሉ ድማ ኣንብቡ ኲብሎም እደሊ።

**ተመሃሮ ካብ ናይ ትምህርቲ ወጻኢ ካልእ ከንብቡ ኣይደልዩን እዮም። ነዚም ከምዚኦም ዓይነት ተመሃሮ እንታይ ትብልዮም?**

ናይ ኣካዳሚ ብግቡእ ኣጽኒዕካ ተወሳኺ መጻሕፍቲ ምንባብ ንትምህርትና ኣዝዩ ሓጋዚ እዩ። ንኣብነት ዘንብብ ሰብ ብዙሕ ሓበሬታ ስለ ዝእክብ ኣብ ትምህርቱ’ውን ዕዉት እዩ ዝኸውን፣ ስለዚ፣ ንኸምዚኦም ዓይነት ሰባት ተወሳኺ መጻሕፍቲ ከንብቡ ኣተባብዖም።

**ንስኺ ኣዚኺ እተድንቕየን ሓሙሽተ መጻሕፍቲ ክትጠቕስልና?**

ሓቂ ዘረባ ኩሉ መጽሓፍቲ ሓደ እዩ። ካብ ኩሉ ዝተፈላለየ ፍልጠት ኢኻ ትረክብ። ግድን ካብ በልካ ግን፣ ቀዳመይቲ ዝፈተኽዋ መጽሓፍ ‘ብዘይ ሰድራ’ እያ፣ ብዙሕ ግዜ ኣንቢበያ ኣለኹ። ብድሕሪኡ ድማ፣ ‘መሳኹቲ ማይ ምን’፣ ‘ሓልዮት’፣ ‘ኣደ’ ከምኡውን ‘ፒኖክዮ’ ዝብላ ኣዝየን ዝፈትወን ሓሙሽተ መጻሕፍቲ እየን።

**ካብ ደረስትና እተድንቖዮ ደራሲ ወይ ደራሲት? ክትረኽብዮ እትምነይዮ?**

ኣዝየ ዘድንቖን ክረኽቦ ዝምነዮን ደራሲ ኣቶ ተኪኣ ተሰፋይ እዩ። መጻሕፍቱ ኣዝየ እፈትወን እየ። ብፍላይ መጽሓፍ ‘ብዘይ ሰድራ’ ኣንቢበ ኣይጸግባን’የ።

**ኣብ ንባብ ናይ መጻኢ መደባትኪ እንታይ ይመስል?**

እናዓበኹን እናበሰልኩን እኸይድ ስለ ዘለኹ ካብዚ ዘለኽዎ ንላዕሊ ክቕጽል እየ።

**ምስ ንባብ ዝተተሓሓዘ መልእኽቲ እንተለኪ?**

ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ ናይ ትግርኛ መጻሕፍቲ ውሑዳት እዮም ዘለዉ። ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ ናይ ትግርኛ መጻሕፍቲ እንተሃልዩ ንሕና ከነንብብ ሓጋዚ እዩ። ተወሳኺ ድማ ንደረስቲ ሃገርና ኣተባባዒ ስለዝኾነ፣ ኩለን ኣብያተ ትምህርቲ ብዝሒ መጻሕፍቲ ናይ ሃገርና ክህልወን እላቦ።





ሳራ ካብ ዘንበበቶ መጻሕፍቲ ኣብ መዝገብ ዝሰፈረ

**ኣብ ንባብ ዝተሓባበሩኺ ከተመስግንዮም ዕድል ክህበኪ?**

ንወለደይ ንኣሕዋተይ፣ ከምኡ’ውን ንኹሎም ደረስቲ ናይ ሃገርና ንኣና ዝኸውን መጻሕፍቲ ዝንብብ ስለዘቕረቡልና ከመስግኖም እደሊ። ንጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ዓምዲ ተርሙማ ድማ ንኣና ንተመሃሮ ዝኸውን ጽሑፋት ስለእተዳሉ ኣመስግን።

# ደቂ-ኣንስትዮ

ሃ ማ ደ ኤ

## ደቂ ኣንስትዮን መፍረ ደርሁን

ደርሁ፡ ግቡእ ክንክን እንተ ደኣ ረኺበን፡ ኣብ መነባብሮና ዘህልዋን ቀጠባዊ ረብሓ ኣቃሊልካ ዝርአ ኣይኮነን። ዘይከም'ቶም ካልኦት እንስሳ ዘቤት (ኣጣል፡ ኣጠል፡ ከብቲ፡ መጸዓኛ)፡ ናብ በረኻ ኣውፍረን፡ ጓሰየን፡ ዘይብሉ ኣብ ግዛ ወይ ኣብ ካሸሎ ተዓጽየን ጥራሕ ክፋረያ ዝኽእላ ብምዃነን ከኣ፡ ብፍላይ ነተን ሓዳር ወጠጡወን ኣብ ግዛ ዘውዕላ ደቂ ኣንስትዮ ኣዝየን ምቹኣት እየን። ስለ ዝኾነ፡ ዳርጋ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ህድሞ፡ መረበዕ ይኸውን ኣጉዶ ደርሁ ምርኣይ ልሙድ እዩ። ብፍላይ ኣብ ገጠራት፡ ኣደታት ኣብ ናብራኦን ንዘኾድለን ነገራት እንቛቑሖን ደርሁን እናሸጣ እየን ዝመልኣኦ። በዚ ምኽንያት፡ ኣበየ ቦታኡ ናብ ዝርከብ ዕዳጋታት ሃገርና ዘወር ምስ እንብል፡ እቲ ብዝበዝሒ እንዕዘቦ ነገር፡ ካብ ኩሉ መኣዘናት እንቛቑሖን ደርሁን ኣብ ዘኽብል ኣንጠልጢለን ናብ ዕዳጋ ዝኣትዋ ኣደታት እዩ።

ይኹን'ምበር፡ ዝጠዝሓ ደቂ ኣንስትዮ ሓላፍነት ወሲደን ኣብ ግዝኣን ዘራብሓኣን



ደርሁ፡ እተን ብዙሕ ምህርቲ ኣንቛቑሖ ዘይሀባ፡ ግን ድማ ብዙሕ ክንክን ዘይደልያን ባዕለን ማእረረን ክነብራ ዝኽእላን ልሙዳት ናይ ሃገርና ደርሁ ብምዃነን፡ እቲ ካብአን ዝረኽብኦ ቀጠባዊ ረብሓታት ኣዝዩ ትሑት እዩ ምባል ይከኣል። ነዚ ደርሁ እዚኣተን ብልምዓዊ ኣገባብ እናናራብሕካ ኣብ ስድራቤታት ዝረጋገጽ ቀጠባዊ ዕቤት ክህሉ ከም ዘይክእል ዝተገንዘበ ሚኒስትሪ ሕርሻ ከኣ፡ ኣብ ጽባሕ ናጽነት (1993) ኣብ ቀሓውታ ሰሙናዊ ክሳብ 27 ሽሕ ጨቓዊት ክፍጭጭሕ ዝኽእል ማእከል ብምኽፋት፡ ከምኡ'ውን ነተን ጨቓዊት ተቐቢሉ ዘዕቡኽ ነቑጣ ኣብ ከረን ብምቛም፡ ካብ ሽዑ ኣትሒዙ ገለኣን ብስነ ፍልጠታዊ፡ ገለኣን ድማ ብልምዓዊ ኣገባብ ዝተሓዝዘን ካዕበት ምህርቲ እንቛቑሖ ዝህባ ምሩጻት ዓሌታት ደርሁ ብመልክዕ ጨቓዊት ንሓረስቶት ክዕድል ጸኒሑ፣ ገና'ውን ይዕድል ኣሎ።

ንኣብነት፥ ካብ ሰነ 2020 ክሳብ ሰነ 2021 ኣብ ዝነበረ ናይ ሓደ ዓመት እዋን ጥራሕ፡ ሚኒስትሪ ሕርሻ ናይ ሓደ ወርሒ ዕድመ ዘለወን ኣስታት ሓደ ሚልዮን ምሩጻት ጨቓዊት ን340 ሽሕ ስድራቤታት ዓዲሉ። ንሓንቲ ጫቒት ብኸሳብ 15 ናቕፋ ማለት'ዩ። ካብ ጽባሕ ናጽነት ክሳብ መፋርቕ 2020፡ ብጠቕላላ 43.6 ሚልዮን ናይ ገደና ጨቓዊትን (ኣብ ርእሲ'ቲ ዝቐረበለን መግቢ፡ ኣብ ገደና ባዕለን ማእረረን ናይ ምምጋብ ባህሪ ዘለወን ማለት'ዩ)፡ ከምኡ ድማ 3.9 ሚልዮን ናይ ንግዲ ጨቓዊትን ንልዕሊ 5 ሚልዮን ተጠቀምቲ ከም ዝዓደለ፡ መብዝሕትአን ተጠቀምቲ ከኣ ደቂ ኣንስትዮ ከም ዝኾና፡ ሰነዳት ናይ'ቲ ሚኒስትሪ የመልክቱ።

እዚ ዘረጋግጾ ሓቂ እንተ ሃልዩ፡ መንግስቲ ንደቂ ኣንስትዮ ብቑጠባ ከም ዝሕይላ ምግባር፡ ቀጠባዊ መነባብሮ ስድራቤታት ምምሕያሽ ማለት ምዃኑ ስለ ዝኣምን፡ ነዚ ዕላማ'ዚ ንምውቃዕ ብደረጃ ዓለም ብሉጻት ዝበሃላን ምስ ኩነታት ሃገርና ዝሰማማዓ ዓሌታት ደርሁ እናባዝሐ፡ ብዝያዳ ደቂ ኣንስትዮ መራሕቲ ስድራ ተጠቀምቲ ዝኾናሉ ስሩዕ መደብ ምዕዳል ጨቓዊት የተግብር ምህላዉ እዩ። ብርግጽ ከኣ ብቑጽሪ ውሑዳት ዘይኮና ደቂ ኣንስትዮ ተጠቀምቲ ናይ'ዚ መደብ ብምዃነን ደርሁ እናራብሓ ንስድራቤተን ዝተመጣጠነ መኣዛዊ መግቢ ካብ ምውሓስ ሓሊፈን ብቑጠባ ርእሰን ክኽእላን ኣብ ምርግጋጽ ዕዳጋ እንቛቑሖ ናይ ባዕለን እጃም ከበርክታን ክኢለን ኣለዋ።

ምናልባት ውሑዳት ደኣ ክኾና ይኽእላ'ምበር፡ ብዘመናዊ ኣገባብ ምሩጻት ደርሁ ብብዝሒ እናራብሓ ሰብ ርእሰ ማል ዝኾና፡ ገለ ካብኣተን ዝያዳ ተመኩሮታት ንምቕሳም፡ ሓገዛት ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ሃገራዊ ማሕበር ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራን ካልኦት መሻርኽትን ብዘቐለለ መንገዲ ንምርካበን ኣብ ዕዳጋ ዘጓንፈን ጸገማት ንምፍታሕን ክበላ ኣብ ማሕበር ሕርሻዊ ንግዲ ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራ (ማ.ሕ.ደ.ኤ.) ዝተጠርነፋ ኣለዋ። እዚ ኣብ 2003 ብምትሕብባር ሃገራዊ ቤት ምኽሪ ንግዲ ኤርትራ ዝተመስረተን ኣብ ትሕቲ ጽላል ሚ/ሕርሻ ኰይኑ ንጥፈታቱ ዘሰላስል ዘሎን ሃገራዊ ማሕበር፡ ኣብ ዕቤት ናይ'ተን ኣብ ሕርሻዊ ንግዲ ዝጦፋ ሰብ ርእሰ ማል ዝኾና ኣባላቱ ዝጻወቶ ዘሎ ተራ ቀሊል ስለ ዘይኮነ፡ እዘን ንምርባሕ ደርሁ ከም ሞያ ተታሓሒዘንኦ ዘለዋን ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ዕቤት ንምብጻሕ ፋሕተርተር ኣብ ምባል ዝርከባን ደቂ ኣንስትዮ ክጸንበራኦ ይግባእ። ምኽንያቱ፡ በቲ ማሕበር ኣቢለን ዕቤት ጥራሕ ዘይኮና ዘረጋግጻ፡ ነተን ኣብ ንእሰ መጠን ምርባሕ ደርሁ ተዋፊረን ዝርከባ ካልኦት ደቂ ኣንስትዮ'ውን ኣርኣያ ብምዃን ቅዱስ ቅንኢ ከሕድራለን ስለ ዝኽእላ።

ከም'ቲ ኣቐዲሙ ዝተጠቕሰ፡ ካብ'ተን ኣብ ገደና ባዕለን ማእረረን ዝነብራ መበቆላውያን ናይ ሃገርና ደርሁ ዝርከብ መጠን ምህርቲ እንቛቑሖ፡ ምስ ናይ'ተን ብሚኒስትሪ ሕርሻ በብእዋኑ ዝዕደላ ዘለዋ ምሩጻት ደርሁ ክነጻጸር እንከሎ፡ ዳርጋ ናይ ሰማይን ምድርን ፍልልይ እዩ ዘለዎ። ከምኡ ስለ ዝኾነ ድማ'ዩ መንግስቲ ልዑል ወጻኢታት እናገበረ ነዘን ምሩጻት ደርሁ ኣብ ኣድ ነፍሲ ወከፍ ስድራቤት ንምእታውን ብእኡ ኣቢሉ ዝተመጣጠነ መኣዛዊ መግቢ ንምውሓስን ከይተሓለለ ዝረባረብ ዘሎ። እናተባዚሓ ንሓረስቶት ዝዕደላ ዘለዋ



ምሩጻት ደርሁ፡ ማዕረ ማዕረ'ቲ ዝህባኦ ልዑል መጠን ምህርቲ እንቛቑሖ፡ ካብ ኣመጋግባኣን ጀሚርካ ልዑል ክንክን'ውን ይሓቲ እየን። ከም'ተን ናይ ሃገርና ደርሁ፡ ጉሻ እኽሊ ፈይ እናበልካ ኣይኮናን ዝተሓዛ። ሚዛን ኣካላተን ኣብ'ቲ ዝድለ ደረጃ ክበጽሕ፡ ምስ በጽሐ ድማ መዓልታዊ እንቛቑሖ ክወልዳ ዝኽእላን - ብስነ ፍልጠታዊ መንገዲ ተጻሂያም ዝተፈልጡ መኣዛውያን መግቢታት (ሰበም፡ ዕፉን፡ ሰርናይ፡ ብርስን፡ ብልቱግ፡ ጥሑን ዓሳ፡ ሰምሰም፡ ኖራ፡ ኣሕምልቲ፡ ወዘተ.) ኣመጣጢንካ ምሃብ የድልየን። ምስኡ ድማ ኩነታት ጥዕናአን ንምሕላው ክታብት ምሃብን ካልእ ክትትል ምግባርን የድሊ። ሰፍራአን እውን ምቹእ፡ ኣየር ብግቡእ ዝኣትዎን ጽሬቱ ዝተሓለወን ክኸውን ይግባእ። ስለዚ፡ እቲ ካዕበት ምህርቲ እንቛቑሖ ንምሃብ ዝጠልብኦ ክንክን ልዑል ስለ ዝኾነ፡ ምስ ሰብ ሞያ ሕርሻ እናተማኸርካ ዓቕልን ተወፋይነትን ከም ዝሓትት ክስሕት የብሉን።

## ካብ ኣገረምቲ ተርእዮታት ደቂ ኣንስትዮ ዓለም

ብራዚላዊት ዳኒላ ኣልመይዳ ቬራ፡ ኣደ 7 ደቅን እኖ ሓጎ 40 ቆልዑን እያ። ንሱ፡ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ከብዳ ተደጋጋሚ ቃርጸት ክስምዓ ምስ ጀመረ'ያ ጠንቁ ንምፍላጥ ናብ ሕክምና ኣምሪሓ። ሓካይም ንወጽኢት ናይ'ቲ ዝነበረቶ ናይ ሲቲ ስካን መርመራ ምስ ረአዩዎ ግን፡ ክኣምኑ ኣይከኣሉን። ኣብ ከብዳ ደረቕ ናብ እምኒ ዝተቐየረ ምውት ዕሽል (stone baby) ከም ዘሎ ብስንባደ የርድኡዋ። ናይ ምዃኑ ምኽንያት ንምፍላጥ ምስ ሓተቱዋ ድማ፡ ቅድሚ 56 ዓመት ማለት፡ ኣብ ፈለማ 30ታት ዕድመ እንከላ ዝጠነሰቶ ምኽንያቱ ተፈሊጡ ዘይተፈለጠ ዝኸደ (ዝበርዓነ) ስለ ዝመሰላ ግን፡ ከይፈለጠት ንኸንደዚ ዝኣክል ዓመታት ኣብ ከብዳ ጸይራቶ ክትነብር ከም ዝጸንሐት ዝርዝሕሐ እናነበዉት ትሕብሮም። ብድሕሪዚ፡ እቲ ዝደረቐ ደቂ ጠንቂ ዝተፈላለዩ ጥዕናዊ ጸገማት ብምዃኑ ክሳብ ሞት ከብጽሓ ከም ዝኽእል ብምሕባር፡ ብቐልጡፍ መጥባሕቲ ገይራ ክትኣልዮ ከም ዘለዋ ይሕብሩዋ። በዚ ተሰማሚዓ ድማ መጥባሕቲ ትገብር። ዋላ'ኳ እቲ መጥባሕቲ ዕዉት እንተ ነበረ፡ ብህይወት ክትቕጽል ግን ኣይከኣለትን። ኣብ ጽባሕ'ቲ መጥባሕቲ ዝነበረትሉ ዕለት ካብዚ ዓለም ብሞት ተፈልያ።

ኣብ 2021 እውን ሓካይም ኣልጀሪያ ኣብ ማህጸን ሓንቲ ጓል 73 ዓመት ሰበይቲ ን35 ዓመታት ዝተዓቑረ ምውት ደቂ ረኺቦም ከም ዝነበሩ፡ እቲ ናብ ደረቕ ነገር ዝተቐየረ ደቂ (ዕሽል) ሽውዓተ ወርሒ ምስ ገበረ ዝሞተን ክልተ ኪሎ ክብደት ዘለዎን ምኽንያት ኣረጋጊጾም




ምንባሮም፡ ጸብጻባት የመልክቱ። ከምዚ ዓይነት ተርእዮታት፡ ብደረጃ ዓለም ኣዝዩ ሳሕቲ ጥራሕ ከም ዘጋጥም'ዩ ዝነገረሉ። ኣብ 1996 ኣብ መጽሔት 'Journal of the Society of Medicine' ዝተሓትመ መጽናዕታዊ ጸብጻብ፡ ካብ 1582 ክሳብ 1996 (ኣብ ውሽጢ ኣርባዕተ ክፍለ ዘመን)፡ ብደረጃ ዓለም ብድምር 290 ደቂ ኣንስትዮ ጥራሕ ዝሞተ ደቂ ኣብ ከብደን ጸይረን ክነብራ ከም ዝተረኽበ ይሕብር።

ከድጃ ኢብራሂም

## ዝለዓለ ምህርቲ እንቋቑሖ ብምሃብ ብደረጃ ዓለም ዝተፈልጣ ደርሁ

ብደረጃ ዓለም፡ ንእንቛቑሖን ስጋን ዝጠልግላ ልዕሊ 200 ዓሌታት ደርሁ ከም ዘለዋ ይፍለጥ። ዳርጋ ኩለን ከኣ፡ እቲ ዝለዓለ ምህርቲ እንቛቑሖ ዝህባሉ ግዜ፡ ክልተ ወይ ሰለስተ ዓመታት ጥራሕ እዩ። ካብዚኣተን እምበኣር፡ እተን ብዝሓብኦ መጠን እንቛቑሖ ኣብ ቀዳማይቲ ዝሰርዓ ደርሁ እዘን ዝስዕባ እየን፦

1. ዋይት ለግሆርን (White Leghorn)፡ ኣብ ቀዳማይ ዓመተን ክሳብ 300 እንቛቑሖ ክወልዳ ይኽእላ። እንቛቑሖአን ድማ ጻዕዳን ዝፍን ብምዃኑ፡ ብደረጃ ዓለም እተን ቀዳሞት ተጠለብቲ እየን። ብዘይካ'ዚ፡ እታ ብ1979 ኣብ ኣመሪካ ኣብ 365 መዓልታት 371 እንቛቑሖ ብምውላድ፡ ብደረጃ ዓለም ክብረ ወሰን ሒዛ ዘላ ደርሆ ካብ'ዚን ዓሌት እዚኣን እያ።
2. ሮውድ ኣይላንድ ሬድ (Rhode Island Red)፡ ኣብ ዓመት ካብ 250 ክሳብ 300 ቡናዊ ዝሕብሩ እንቛቑሖ ይወልዳ።
3. ጎልደን ካመት (Golden Comet)፡ ኣብ ዓመት ካብ 250 ክሳብ 300 እንቛቑሖ ይወልዳ።
4. ኣመሮካና (Ameraucana)፡ ኣብ ዓመት ክሳብ 250 እንቛቑሖ ይወልዳ።
5. ኒው ሃምፕሸር ሬድ (New Hampshire Red)፡ ኣብ ዓመት ኣስታት 200 እንቛቑሖ ይህባ።
6. ሳሰክስ (Sussex)፡ ኣብ ዓመት ክሳብ 250 እንቛቑሖ (ጻዕዳን ቡናውን) ይወልዳ።
7. ጎልድላይን (Goldline)፡ ኣብ ቀዳማይ ዓመተን፡ ዝፍ ዓቐን ዘለዎ ክሳብ 320 ቡናዊ እንቛቑሖ ክወልዳ ይኽእላ።
8. ሬድ ስታር (Red Star)፡ ኣብ ዓመት ቡናዊ ዝሕብሩ ካብ 250 ክሳብ 300 እንቛቑሖ ክወልዳ ይኽእላ።
9. ኢስተር ኤገር (Easter Egger)፡ ናብ ሰማያዊ ወይ ቀጠልያ ሕብሪ ዝኸደ፡ ኣስታት 250 ዝፍን ማእከላይን እንቛቑሖ ኣብ ዓመት ክወልዳ ይኽእላ።
10. ፕሊማዝ ሮክ (Playmouth Rock)፡ ኣብ ዓመት ቡናዊ ዝሕብሩ ኣስታት 280 ዝፍቲ እንቛቑሖ ይወልዳ።

# ስፖርት

ሊድያ በረኸት

## ከረን - ስፖርታዊ ግጥማት ሓይልታት ምክልኻል ክፍልም'ዩ






ስፖርታዊ ግጥማት ሓይልታት ምክልኻል፡ ሰኑይ 1 ማስከረም ኣብ ከተማ ከረን መጋረጃኡ ክቕንጠጥ'ዩ።

ኣብ ኻፍሲ-ወከፍ ክልተ ዓመት ዝተኻየድ ስፖርታዊ ግጥማት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፡ ንመበል 16 ግዜኡ'ዩ ዝተኻየድ ዘሎ። እቲ ስፖርታዊ ግጥሚ፡ ውድድራት ኩዕሶ እግሪ፡ ኩዕሶ መርበብ፡ ኣትሌቲክስ፡ ከምኡ'ውን ጨመት ተኸሰ ዘጠቓልል'ዩ። እዚ ውድድር ንኣስታት ሓደ ወርሕን ሰሙንን ዝቐጽል ኮይኑ፡ ኣብ መንጎተን ንኣሃዱታት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ዝውክላ ጋንታታት ርሱን ግጥማት ክካየድ ትጸቢት ኣሎ። ኣብዚ ወትሩ ሓያል ተወዳዳርነት ዘርኢዩ ጸወታታት፡ ጋንታ ዓምበርበብ፡ ሓረፍ፡ ንስሪ፡ በኒፈር፡ መኸተ፡ ሰንጥቕ፡ ሽዑሉ፡ ሳዋ፡ ክንፈን ብደሆን ክሳተፋ'የን። ኣብ ናይ መኽፈቲ ስነስርዓት ሓረፍን ሽዑላን ክገጥማ እየን። ኣብዚ ብሓያል ደገፍ ነበርቲ ከተማ ከረን ማማቒ ዝስዕብ ስፖርታዊ ግጥማት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፡ ፍርቂ ማራቶን ደቂ-ተባዕትዮ 29 ማስከረም ክካየድ'ዩ። ብተወሳኺ ካብ ዕለት 11 ማስከረም ዝፍልም ጸወታ ጨመት ተኸሰ ክካየድ ምዃኑ ካብ ንኡስ ጨ/ዜና/መ/ሓ/ን/ሚኒ/ምክልኻል ዝረኸብናዮ ሓበሬታ የረድእ።

## ሃቨርተዝ መጥባሕቲ ብርኪ ኣካዩዱ

ግጥማት ፕሪመርሊግ ምስ ፈለመ ድሕሪ ክልተ መዓልታት (17 ነሓሰ) ኣርሰናል ንማን. ዩናይትድ 1-ብ0 ኣብ ዝረትዓትሉ ግጥም፡ ኣብል ኣርሰናል ጀርመናዊ ኣጥቃዓይ ካይ ሃቨርተዝ ናይ ብርኪ ማህሰይቲ ስለዘጋጠሞ ካብ ጸወታ ተኣልዩ ድሕሪ ምጸናሕ፡ ዕዉት ናይ ብርኪ መጥባሕቲ ከምዝተኻየደ ኣርሰናል ኣብ ማሕበራዊ ገጻታ ገሊጹ።

ወዲ 26 ዓመት ሃቨርተዝ፡ ማህሰይቱ ነዋርሕ ካብ ጸወታ ክብኩሮ ከምዘኽእል ግምት እኳ እንተጸንሐ፡ ማህሰይቱ ምስ ጭዋዳታት ዝተተሓሓዘ ብዘይምንባሩ፡ ድሕሪ ዝተወሰነ ሰሙናት ናብ መሳርዑ ከምዝምለስ ተሓቢሩ ኣሎ።

ሃቨርትዝ ኑቲ ቀዳም ምሸት ኣርሰናል ንሊድስ ዩናይትድ 5-ብ0 ዝሰዓረትሉ ግጥም ኣብ መንበር ተጻዓብቲ ኮይኑ'ዩ ተኸታቲልዎ።

ጽባሕ ሰንበት ኣብ ዝተኻየድ ግጥም ኣርሰናል ምስ ሊቨርፑል፡ ኣርሰናል ኣብዚ ክረምት ካብ ክሪስታል ፓላስ ብ67.5 ሚልዮን ፓውንድ ዝኸዘኦቶ ወዲ 27 ዓመት እንግሊዛዊ ኣከፋፋላይ ኣበርቺ ኢዜ ንቦታ ሃቨርተዝ ክትትክእ ትጸቢት ይግበር።

ኣርሰናል፡ ኑቲ ካብ ስፖርቲን ሊዝበን ኣብዚ ክረምቲ ብ73 ሚልዮን ፓውንድ ዝዓደጎቶ ሸክዮር ግዮከረዝ ኣብ ቀድሚት መስመር መጥቃዕቲ ብምስላፍ እያ ኣብ ናይ ሰንበት ግጥም ክተሰላስል። ኣርሰናል፡ ኣብ ግጥም ኣንጻር ሊድስ ዩናይትድ ብዘጋጠሞም ማህሰይቲ ንቡካዮ ሳካን ማርቲን ኦዴጋርድን እውን ከሰራቶም ከም ዘለ ይፍለጥ።




## ኒውካስል፡ ኣብ ቦታ ኣሌክሳንደር ዝስለፍ ተጻዋታይ ኣብ ምፍራም ትርከብ



ኣሰልጣኒ ኒውካስል ዩናይትድ ኤዲ ሃው፡ ንጀርመናዊ ኣከፋፋሊ ኒክ ዎልትማድ ካብ ክለብ ቪኤፍቢ ሽቱትጋርድ ናብ ኒውካስል ንምምዝዛ ኣብ መዛዘሚ ማስርሕ ምፍርራም ከም ዝበጽሐን ብዘዕባ መጻኢ ኣሌክሳንደር ኢሳቕ ዝኾነ ሓዱሽ ምዕባለታት ከምዘየለን ሓቢሩ።

ኒውካስል፡ ነዚ ወዲ 23 ዓመት ተጻዋታዩ፡ ከምቲ ንኣሌክሳንደር ኢሳቕ ከተምጽኦ ከላ ዝኸፈለቶ መጠን ገንዘብ (63 ሚልዮን ፓውንድ) ብምኽፋል ክትውንኖ መደብ ከምዝለዋ እያ ሓቢራ ዘላ። ኒውካስል፡ ንኣጥቃዓይ ብረንትፎርድ ዮኣን ዊሳን ኣጥቃዓይ ዎልቭስ ጆርገን ስትራንድ ላርሰንን ንምውናን ዘቐረበቶ ሕቶ ድሕሪ ምንጻጋ'ያ ምስ ኒክ ኣብ ስምምዕ ከም ዝበጽሐት ትሕብር ዘሎ።

ምስ ጋንትኡ ተኻሪዩ ዘሎ ኣሌክሳንደር ኢሳቕ፡ ንበይኑ ልምምድ ክገብር ብምጽንሑን ጋንታኡ ኣብ ዝተኻየደቶም ክልተ ግጥማት ብዘይምስላፉን፡ ብመሰረት ሃው ዝሃቦ መግለጺ፡ ኒክ ንቦታ ኢሳቕ ክትትክእ ይኽእል'ዩ ዝብል ግምት ኣሎ።

ኒክ ኣብ ዝሓለፈ እዋን ምስ ክለቡ ተሰሊፉ ኣብ ዝተኻየደ ግጥማት፡ 17 ሹቶታት ብምምዛን፡ ሰለስተ ሹቶ ዝኾና ክዓሳሉ ድማ ብምኽኻን፡ ክለቡ ኣብ ቡንደስሊጋ ታሻዓይቲ ኮይና ክትዛዝም ዓቢ ኣስተዋጽኦ ገይሩ እዩ።

ኒክ ዎልትማድ፡ ካብቶን ናይ ኤውሮፓ ዓበይቲ ሊጋት፡ ድሕሪ 2002 ዝተወልዱ ምስ ክለቡ'ዶም ኣብ ዝተኻየድዎ ግጥማት 20 ሹቶታት ኣብ ኩሉ ጸወታታት ከመዝግቡ ዝኸኣሉ 15 ብሉጻት ተጻወትቲ ተባሂሉ ተረቝሑ'ዩ።

ብዘይካዚ፡ ሃው ኑቲ ቀዳም ምሸት ምስ ሊድስ ዩናይትድ ዘኻይዱዎ ግጥም ኣመልኪቱ፡ "ብዙሕ ዝዘረቦ የብለይን ግና ጸቡቕ ተሰፋታት ይርኣየኒ። ነገራት ጸቡቓን ዝተመሓየሸን ምስሊ ይሕዝ ኣሎ። ዝያዳ ሓይልና ኣብ ማእከላይ ምክፍፋል ብምግባር ኢና ክንሰርሕ፣ ምስኡ ክረምቲ ክንሰርሓሉ ዝኸረምና'ዩ።" ኢሉ።

ኣሰልጣኒ ሊቨርፑል ኣርነ ስሎት እውን ብዛዕባ'ቲ ሰንበት ምስ ኣርሰናል ዘለዎም ግጥም መግለጺ ኣብ ዝሃበሉ፡ "ኒውካስል ቁጽሪ ትሽዓተ ወድዩ ዝጻወት ሓድሽ ተጻዋታይ ተፈርም ምህላዋ ዓቢ ዜና'ዩ። ምኽንያቱ ኣንቶኞ ጎርደን ብመቕጻዕቲ ተኣልዩ'ሎ፣ ብተወሳኺ ኢሳቕ'ውን ኣብ ልምምድ ኣይተራእየን። ድሕሪ'ቲ ሰኑይ ምሸት ዝተኻየድናዮ ግጥም ንዕበየት ጋንታና ሓድሽ ተጻዋታይ ከምጽእ መደብ ነይሩና እዩ። ድሕሪ'ተን ክልተ ቀዳሞት ጸወታታት ግን ብዘጻወትተይ ዕጉብ ብምህላወይ ኣብዚ ሰዓት ዝኾነ ተጻዋታይ ዝወሰኽሉ ኣብነት የብለይን። ምስ ግዜ ግን ክንርእዮ ኢና።" ክብል መጻኢ ኣሌክሳንደር ኢሳቕ ሓዲግ ከትርፍ ዝኽእል ኣሳካፊ መልእኽቲ ኣተንብሁ ኣሎ።

## "ሓደ ሓደ እዋን ስርሐይ ከቋርጽ እሓስብ፡ ጸኒሐ ድማ ..." ሩበን ኣሞሪም

ማንቸስተር ዩናይትድ፡ ፕሪመር ሊግ ካብ ዝፍልም ንግጥም ካራባኦ ካፕ ደሚርካ ኣብ ሰለስተ ግጥማት ስዕረት ዘመዝገበት ኮይና፡ ምስ'ቲ ኣብ ዝሓለፈ እዋናት ዘርኣየቶ ብቐዓት ተደማሚሩ፡ ኣሰልጣኒኣ ሩበን ኣሞሪም ምስታ ጋንታ ዝተፈራረቐ ስምዒት ከም ዘለዎ ሓቢሩ።

"ሓደ ሓደ እዋን ስርሐይ ከቋርጽ እሓስብ፡ ጸኒሐ ድማ ንዝመጽእ 20 ዓመታት ኣብዚ ክለብ ክጸንሕ እምነ፡ ሓደ ሓደ እዋን ንተጻወትተይ ይጸልኦም፡ ሓደ ሓደ እዋን ድማ ኣዝዩ ይፈትዎም፡ በቃ ከምዚ'ዩ ኣነ።" ክብል ኣብ ድሮ ግጥም ማንቸስተር ዩናይትድ ምስ በርንለይ ዝነበረ መልእኽቲ ኣሕሊፉ። ማንቸስተር ዩናይትድ፡ ኣብ ግጥም ካራባኦ ካፕ ብግሪምስቢ ድሕሪ ምስዓራ፡ እዚ ፖርቱጋላዊ ኣሰልጣኒ ብብቕዓት ተጻወትቱ ከምዘይዓገበ ዝገልጽ መልእኽቲ ኣመሓላሊፉ።

ኣሞሪም ኣብ ወርሒ ማስከረም ምስ ወዳንቲ ማን ዩናይትድ፡ ቀጻልነቱ ኣብታ ጋንታ ብዝምልከት ዘካይዶ ዝርርብ ክህልዎ'ዩ። ኣሞሪም ስርሑ ደው ከየብል ማን ዩናይትድ ስጉኣታ ትገልጽ። ኣሞሪም ነዚ ኣመልኪቱ፡ "ኣብዚ ግዜ'ዚ ኣድህቦይ ናብቲ ዝስዕብ ግጥማት'ዩ ዘሎ" ኢሉ። ብተወሳኺ ብዛዕባ ሬሰሞስ ሆይላንድ ብልቓሕ ናብ ናፖሊ ናይ ምግዓዝ መደቡ፡ ኣብ ዝተሓተተሉ፡ ዝኾነ መልሲ ከምዘይብሉ'ዩ ገሊጹ።



## ቶማስ ቱኸል፡ ንኣሌክሳንደር-ኣርኖልድ ካብ ሃገራዊት ጋንታ ይኣልዮ

ኣሰልጣኒ ሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝ፡ ጀርመናዊ ቶማስ ቱኸል፡ ኑቲ ኣብ ክረምቲ ናይ'ዚ ዓመት ካብ ሊቨርፑል ናብ ርያል ማድሪድ ዝገዓዘ ናይ መኣዝን ተኸላኻላይ ትረንት ኣሌክሳንደር-ኣርኖልድ፡ ንመጻረዪ ዋንጫ ዓለም ኣብ ዝተኻየድ ግጥማት ከምዘይመረጾ ተሓቢሩ።

ሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝ 6 ማስከረም ኣብ ቪላ ፓርክ ምስ ኣንዶራ ድሕሪ ምግጣማ፡ 9 ማስከረም ናብ ሰርብያ ተጓዒዛ ግጥም ከተካይድ'ያ። በዚ መሰረት፡ ቶማስ ቱኸል 24 ተጻወትቲ ኣብ ዝረቖሓሉ፡ ንኣለክሳንደር ኣርኖልድ፡ ከይል ዎከር፡ ፊል ፎደንን ኢቫን ቶኒን ኣይጠቐሰዎምን። ቶማስ ብዛዕባ'ዚ ኣብ ዝተሓተተሉ፡ "ኣሌክሳንደር ኣርኖልድን ጃክ ግረሊሽን ኣብ ሓሳባይ ነይሮም'ዮም። ኣብ'ዛ ጋንታ ግን ሓያላት ተወዳደርትን ተጻወትቲ እዮም ዘድልዩና። ብዝርእየዎ ሰምምግባርን ክእለትን ደጋፊ ናይዞም ክልተ ተጻወትቲ እዩ። ብሉጻት'የም ንኹሉ ግዜ ድማ ብሉጻት ኮይኖም ክነብሩ'የም። ኣርኖልድ ግን ኣብ መስመር ምክልኻል ዘርኣዮ ዘሎ ጉድለት ጠንቂ ስዕረት እዩ። " ኢሉ። እዚ ከም'ዚ ኢሉ እንከሎ፡ እቲ ብልቓሕ ናብ ባርሴሎና ተሰጊሩ ዘሎ ማርከስ ራሽፎርድ፡ ኣብ መስርዕ ኣጥቃዕቲ ካብ ተሰለፍቲ ናይዛ ጋንታ ምዃኑ ተሓቢሩ ኣሎ።

ካብ ሊቨርፑል ካብ ዝግዕዝ ኩነታቱ ዘይጸበቐ ኣርኖልድ፡ ድሕሪ ናብ ክለብ ማድሪድ ምግዓዙ፡ ኣብ መኽፈቲ ኣብ ዝተኻየደ ግጥም ን68 ደቓይቕ ጥራይ'ዩ ክጻወት ተራእዩ። ኣብ ዝሰዓበ ጸወታ ድማ ዝበኣሰ ኣብ መንበር ተጻዓብቲ ተቐሚጡ ንግጥም ኣንጻር ኦቪዶ ክከታተሎ ተራእዩ። ብዙሕ ሕቶታት ዘለዓዕል ዘሎ ኩነታት ክለቡ ማድሪድን ናይ መጻኢ ኩነታቱን ንበዙሓት ደገፍቱ ከየሻቐለ ኣይተረፈን። በዚ መሰረት ኣብዛ እንግሊዛዊት ጋንታ ዝኾነ ተጻዋታይ ክለብ ሊቨርፑል ከምዘይሳተፍ'ውን ተፈሊጡ ኣሎ።

ሓደ ካብቶም ዝበለጹ ኣሰልጠንቲ ዓለምና ምዃኑ ዝነገረሉ ቶማስ ቱኸል፡ ብሰንኪ ናይ እግሪ ማህሰይቲ፡ ኣብ መበል 25 ዓመቱ ካብ ኩዕሶ እግሪ ምእላዩ ይንገር።




### መደብ ጸወታ

**ፕሪመር ሊግ**

**ቀዳም**

| | |
|---|---|
| ቸልሲ - ፉልሃም | 2:30 ድ:ቀ. |
| ዎልቭስ - ኤቨርተን | 5:00 ድ:ቀ. |
| ቶተንሃም - ቦርንማውዝ | 5:00 ድ:ቀ. |
| ማንዩናይትድ - በርንለይ | 5:00 ድ:ቀ. |
| ሳንደርላንድ - ብረንትፎርድ | 5:00 ድ:ቀ. |
| ሊድስ ዩናይትድ - ኒውካስል | 7:30 ድ:ቀ. |

**ላሊጋ**

| | |
|---|---|
| ኤልቼስ - ኣትሌቲኮ ማድሪድ | 6:00 ድ:ቀ. |
| ኦቪዶ - ርያል ሶሲዳድ | 8:00 ድ:ቀ. |

**ሰንበት**

| | |
|---|---|
| ማንሲቲ - ብራይተን | 4:00 ድ:ቀ. |
| ኖቲንግሃም - ዌስትሃም | 4:00 ድ:ቀ. |
| ኣርሰናል - ሊቨርፑል | 6:30 ድ:ቀ. |
| ኣስቶን ቪላ - ክሪስታል ፓላስ | 9:00 ድ:ቀ. |

# ዜና ዓለም

መርሃዊ ገብረሚካኤል

## ፈረንሳ፡ ጀርመንን ብሪጣንያን ንእማመ ኣመሪካ ይድግፋ

ፈረንሳ፡ ጀርመንን ብሪጣንያን፡ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ልዕሊ ኢራን እገዳ ንምጽዳቅ ዝደርኸ ሓድሽ መሰርሕ ኣበጊሰን ምህላወን፡ መርበብ ሓበሬታ ሲ.ኤን.ኤን. ሓቢሩ።

እዚ ስጉምቲ'ዚ፡ ኣመሪካ ኣብ ዝሓለፈ ሓሙስ ኣብ ልዕሊ መደባት ንዩክለሳዊ ኣጽዋር ኢራን እገዳ ንምብያን "ስናፕባክ" ዝተሰምየ ሓድሽ እማመ ድሕሪ ምድላዋ እዩ በዘን ሃገራት ዝወሰድ ዘሎ።

ጣህራን ብወገና ኑቲ ስጉምቲ ብምሽናን፡ ኣብ ልዕሊ ንዩክለሳዊ መደባታ ዳግማይ እገዳ ናይ ምውሳን ስጉምቲ ከቢድ ሳዕቤን ክህልዎ ከም ዝኽእል ኣጠንቂቓ።

እተን ሰለስተ ሃገራት ኤውሮጳ ኑቲ ኣብ 2015 ኣብ ዝተገብረ ስምምዕ ኑክሌር ኣራን ንዘተሓለለ ኩሉ እገዳታት ሕ/ሃገራት ዳግማይ ናብ ቦታኡ ንምምላስ ክብሉ ኑቲ ኣመሪካ ኣበጊሳቶ ዘላ ሓድሽ እማመ ንምድጋፍ ቀሪጸን ተበጊሰን ምህላወን ሲ.ኤን.ኤን. ገሊጹ።

እተን ሃገራት ኣብ ዝሓለፈ ሓበሬታ፡ እማመ ስናፕባክ ኑቲ እናዓለየ ዝኸይድ ዘሎ መደባት ንዩክለሳዊ ኣጽዋር ኢራን ንምግታእ ዝዓለመ ዲፕሎማስያዊ ጻዕረታት ምኻኑ ድሕሪ ምጥቃስ፡ ንዩክለሳዊ መደባት ኢራን ንኣህጉራዊ ሰላምን ጸጥታን ሓደጋ ኮይኑ ይቕጽል ምህላዉ ኣስሚረናሉ።

ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ኢራን ብወገኑ፡ ንተበግሶ ናይ'ዘን ሃገራት "ኣህጉራዊ ናዕቢ ዘለዓዕል ስጉምቲ" ድሕሪ ምባል፡ ኑቲ ኢራን ብቐጻሊ ምስ ዓለማዊ ትካል ኣቶማዊ ጸዓት እትገብሮ ምትሕብባር ብኣሉታ ዝጸሉ ምኻኑ ኣጠንቂቑ።

ምምሕዳር ትራምፕ ንኣመሪካ ኣብ 2018 ካብቲ ኣብ 2015 ዝተኸተመ ስምምዕ ንዩክሌር ከም እትወጽእ ድሕሪ ምግባሩ፡ ኢራን ንመደብ ምህብታም ዩራንዮም ብዝለዓለ ደረጃ ኣዕቢዩቶ ምህላዋ፡ ምስቲ ክቢ. ቅርበት ዘለዎም ክኢላታት የረድኡ።



## ሩስያ፡ ኣብ ዩክሬን ካልኣይ ዝዓበየ ወተሃደራዊ መጥቃዕቲ ፈጺማ

ሩስያ፡ ኣብ ልዕሊ ዩክሬን 'ፍሉይ' ዝበሎቶ ወተሃደራዊ ስርሒት ከተካይድ ካብ እትጅምር ንደሓር፡ ካልኣይ ዝዓበየ ምኻኑ ዝተነገረሉ መጥቃዕቲ ኣየር ዝሓለፈ ሓሙስ ኣብ ዩክሬን ብምፍጻም፡ ሓላፊ ወተሃደራዊ ምምሕዳር ከተማ ኪየቭ - ቲሙር ትካቸንኮ ዝርከቦም 21 ሰባት ከም ዝቐተሉት ተሓቢሩ።

በቲ መጥቃዕቲ፡ ኣብ ልዕሊ ህንጻ ሕቡራት ኤውሮጳ እውን ምጡን ጉድኣት ከም ዝወረደ፡ ንሰብ ስልጣን ዩክሬን ብምጥቃስ መርበብ ሓበሬታ ኣልጀዚራ ኣመልኪቱ።

ኣብቲ መጥቃዕቲ ኣርባዕተ ህጻናት ከም ዝሞቱ ዘረድአ ኣልጀዚራ፡ ህንጻታት ሕቡራት ኤውሮጳን ቤት ምኽሪ ንግዲ ብሪጣንያን ዝያዳ ካልእ በቲ መጥቃዕቲ ተሃስዩ ከም ዘሎ ኣፍሊጡ።

በዚ መሰረት፡ እተን ሃገራት ኣብ ርእሲ ከተማአን ንዝርከቡ ሳዕሰዎት ዲፕሎማሲያውያት ሩስያ ብምጽዋዕ ኑቲ መጥቃዕቲ ምላሽ ክህቡሉ ኩሓታ ምኻነን ኣፍሊጠን ኣለዋ።

ሓላፊ ርክብት ሓይሊ ኣየር ዩክሬን ዩሪይ ኢህናት ንሲ.ኤን.ኤን ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ እቲ መጥቃዕቲ፡ ሓደ ካብ'ቶም ዝሓየሉ መጥቃዕትታት ሩስያ ምኻኑ ገሊጹ።

ወሃቢ ቃል ክረምሊን ዲሚትሪ ፔስኮቭ ብወገኑ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ሞስኮ ገና ኣብ ዝርርብ ሰላም ተገዳስነት ከም ዘለዋ፡ እንተ ኾነ ኣብ ኩናት ከም ዘላ ዝሕብር ኣገዳሲ ክትርኢ ኸብር ምኻኑ ኣብሪሁ።

ፕረዚደንት ኮሚሽን ሕ/ኤውሮጳ ኡርሱላ ፎን ደር ሌየን በቲ ፍጻመ ከም ዝጉሃየት ዘመልከተ ኣልጀዚራ፡ ፕረዚደንት ኣመሪካን ካልኦት ሰበ ስልጣን ዓለምናን ተቓውሞኦም ይገልጹ ምህላዎም ጸብጺቡ።

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ዩክሬን ኣንድሪ ሰቢሃ፡ ሞስኮ ንዲፕሎማሲያውያት ኤውሮጳ ዒላማ ብምግባራ፡ "ንውዕል ሼና ብቐልዑ ጥሒሳ" ክብል ድሕሪ ምኽሳሱ፡ ኣብ ልዕሊ ሩስያ ኣህጉራዊ ኩሄ ክስዕብ ጸዊዑ።



## "ትራምፕ ንረብሓ ሩስያ ይሰርሕ ኣሎ" ፕረዚደንት ፖርቱጋል

ፕረዚደንት ፖርቱጋል ማርሰሎ ረቤሎ ደ ሶሳ፡ ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ ኣብ ግጭት ዩክሬን - ሩስያ ከም ዘይሻራዊ መንጎኛ መሰሉ ይዋሳእ ምህላዉ ብምኽሳስ፡ "ንፍሉይ ረብሓታት ሞስኮ ዘገልግል ሃብቲ ሩስያ እዩ" ክብል ወቒሱ።

"መራሒ ናይታ ልዕለ ሓያላን ሃገራት ዝኾነት ኣመሪካ ብቐጥታ ይኹን ብዘይቀጥታ ንብረት ሩስያ ብምኻን ንረብሓ ሞስኮ ከሳሲ ክትርኢ ዘሕፍርዩ" ዝበለ ረቤሎ ደ ሶሳ፡ ትራምፕ ካብቲ ቅድሚኡ ንዩክሬን ብዘይ ቅድመ ኩነት ዝድግፍ ፖለሲ ዋሽንግቶን ፍጹም ርሒቑ ምህላዉ ነቒፉ።



መራሒ ፖርቱጋል ደብሎ ደሶ ወሲኹ፡ ትራምፕ ኣብ ልዕሊ ሞስኮ ይኹን ዩክሬን ተደጋጋሚ ንግዳዊ እገዳ ክወስን ምኻኑ ከፈራርሕ ከም ዝጸንሐ ብምጥቃስ፡ ትራምፕ ተዓጻጻፍነት ዝኸደሎ ስጉምቲ ኣብ ምውሳድ ተጸጊሙ ምህላዉ ኣገንዚቡ።

ኣሶሲየቡ ድማ፡ ዋሽንግቶን ኑቲ ብቦዶ ፈኸራ ሰላም ናይ ምስፋን መደብታ ዳግመ ግምት ክትገብረሉ ኣዘኻኺሩ።

ትራምፕ፡ ኩናት ሩስያ - ዩክሬን ብሰላማዊ መንገዲ ንምዕራፉ ንዩክሬን ዞገለለ ርክብ ከዋይድ ዝጸውዐ እቲ መራሒ፡ ዩክሬን ዝያዳ ኑቲ ኩናት ንምዕራፍ ምቕሉል ተበጊሶ ክትወስድ ዘገድድ ውሳኔታት ምውሳድ ማለት፡ ሩስያ ኣብ ፖለቲካዊን ወተሃደራዊን ጸላታት ዝያዳ ንኽትትርኽ ምሕጋዝ ማለት ምኻኑ ኣረዲኡ።

ትራምፕ ኣብ ዝሓለፈ ጥሪ ስልጣን ካብ ዝሕዝ ንደሓር፡ "ግጭት ሩስያን ዩክሬንን ብሰላም ንምፍታሕ ዝወሰዶ ዘሎ ተበግሶታት ዘኣድ'ዩ" ዝበሉ ጸብጻባት፡ ሳሕቲ ዘርእዮ ዘይቅኑዕ ውሳኔታት ግና፡ ኑቲ ግጭት መመሊሱ የብእሶ ምህላዉ የመልክት።

## ሩዋንዳ፡ ካብ ኣመሪካ ንዝተሰጉ ስደተኛታት ምቕባል ጀሚራ

ሩዋንዳ ምስ ምምሕዳር ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ ብዘኸበረቶ ስምምዕ መሰረት፡ ካብ ኣመሪካ ዝተሰጉ ሸውዓተ ስደተኛታት ከም ዝተቐበለት ኣፍሊጣ።

ወሃቢ ቃል መንግስቲ ሩዋንዳ የላንደ ማኮሎ ዝሓለፈ ሓሙስ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ እቶም ስደተኛታት፡ ኣብ መፋርቕ ናይ'ዚ ወርሒ ናብ ሩዋንዳ ከም ዝኣተዉ ድሕሪ ምምልካት፡ እቲ ናይ ምቕባል ስጉምቲ፡ መቐጸልታ ናይቲ ሃገሩ ምስ ኣመሪካ ክሳብ 250 ስደተኛታት ክትቕበል ዝኸተመትሉ ስምምዕ ምኻኑ ሓቢሩ።

ካብ'ቶም ናብታ ሃገር ዝኣተዉ ሸውዓተ ስደተኛታት እቶም ሰለስተ ድሮ ናብ ሃገሮም ክምለሱ ድሌት ከም ዘለዎም ዝጸረ የላንደ ማኮሎ፡ እቶም ኣርባዕተ ግን ኣብ ሩዋንዳ ብምዕቃብ ህይወቶም ክመርሑ ከም ዝደልዩ ኑቶም ስደተኛታት ብምጥቃስ ኣብሪሁ።

እቲ ወሃቢ ቃል ኣብ መወዳእታ፡ ኩሎም ናብታ ሃገር ዝኣተዉ ስደተኛታት ጠለቦም ዝማልኣሉን ድሕሪኦም ዝሕለወሉን ባይታ ተዋዲዱ ምህላዉ ኣፍሊጡ።

ሩዋንዳ፡ ኡጋንዳ፡ ኢስዋቲኒ ደቡብ ሱዳንን፡ ካብ'ተን ዘይሕጋውያን ስደተኛታት ኣመሪካ ተቐቢለን ክዕቅባ ዝተሰማምዓ ሃገራት ኣፍሪቃ ምኻነን እዩ ዝነገረለን።

መርበብ ሓበሬታ ኣልጀዚራ ኣብ ዝዘርግሖ ሓበሬታ ድማ፡ መንነት ናይ'ቶም ናብ ሩዋንዳ ዝኣተዉ ስደተኛታት ከም ዘይተሓበረ ድሕሪ ምምልካት፡ ፕረዚደንት ትራምፕ፡ ስደተኛታት ናብ ሃገራት ሳልሳይ ዓለም ምስጓጉ ብዕቱብ ዝሰርሓሉ ዘሎ ጉዳይ ምኻኑ ኣረዲኡ።



## ሚ/ር ፋይናንስ እስራኤል፡ ከተማ ቓዛ ምስ ሃገሩ ክትጽንበር ጸዊዑ

ሚኒስተር ፋይናንስ እስራኤል በዛለል ስሞትሪች፡ ሓማስ ዕጥቂ ናይ ምፍታሕ ስጉምቲታት ክወስድ ፍቓደኛ ምስ ዘይከውን፡ ሃገሩ ንመላእ ከተማ ቓዛ ኣብ ካርታኣ ንምእታው ክትሰርሕ ጸዊዑ ክብል መርበብ ሓበሬታ ኣልጀዚራ ሓቢሩ።

ስሞትሪች ብሓሙስ ኣብ ዝሃቦ ጋዜጣዊ መግለጺ፡ ሓማስ ንጸውዒት እስራኤል ሸለል ኢሉ ጉዳጺ ቃልሲ ክካይድ ምስ ዝፍትን፡ ሃገሩ ክጽዮ ከተማ ቓዛ ዝኸይድ ሰፊሕ ወተሃደራዊ መጥቃዕትታትን ስርሒታትን ብምክያድ፡ ንመላእ ዞባ ቓዛ ምስኣ ክትሕውሶ ከም ዘጸግማ ኣጠንቂቑ።

ወሲኹ ድማ፡ ሓማስ ኑቶም ጀሆ ሒዙዎም ዘሎ እስራኤላውያን ነጻ ምልቃቕን ዕጥቁ ምፍታሕን - እቲ ተረፉዎ ዘሎ እኹ ኣማሪጺ ምኻኑ ኣረዲኡ።

እዚ ጸውዒት'ዚ፡ ንፍልስጤማውያን ዝያዳ ኣብ ከቢድ ስብኣዊን ቁጠባዊን ጸገማት ዝሸምም ሓደገኛ ምኻኑ ድማ፡ እቲ ምንጪ ወሲኹ ኣመልኪቱ።

እስራኤል ነዚ ወተሃደራዊ ስርሒት ብዓወት ንኽትዛዘሞ ካብ ሰለስተ ክሳብ ኣርባዕተ ኣዋርሕ ጥራይ ክወስደላ ከም ዝኽእል ዘመልከተ ስሞትሪች፡ ጸውዒቱ ኣካል ናይቲ ብሰበ ስልጣን እስራኤል ዝመሓላለፉ ዘለዉ ትእዛዛት ምኻኑ ኣፍሊጡ።



እስራኤል ኣብ ልዕሊ ከተማ ቓዛ እተካይዶ ዘላ ጽዑቕ ወተሃደራዊ መጥቃዕቲታት፡ ካብ ማሕበረሰብ ዓለም ሰፊሕ ኩሄ ከም ዘስዓበላ ዘመልከተ ኣልጀዚራ፡ እቲ ብሰበ ስልጣን እስራኤል ዝቐርብ ዘሎ ተደጋጋሚ መጸዋዕታ፡ ኣብቲ ወሸመጥ ሰፊሕ ዕንወትን ብዙሕ ሞትን ከስዕብ ከም ዝኽእል ንዋና ጸሓፊ ሕቡራት ሃገራት ኣንቶንዮ ጉተረዝ ብምጥቃስ ኣጠንቂቑ።

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ. |
| --- | --- | --- | --- |
| ፋርማሲ ኤደን | 30/08/2025 | ከባቢ ዩኒቨርሲቲ ጥቓ ባርሊድያ | 110750 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ    ቁ.ቴሌፎን 127565